# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.101 | ቀዳም 27 ታሕሳስ 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 3 — ኣገደስቲ እንዶታት



ገጽ 4 — ንርቃሕ ኣብ ካልኣይ ዓመቱ



ገጽ 5 — ምቍራጽ ክሲ



ገጽ 9 — "ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ሰበብ. . .



ገጽ 11 — ማእከል - ስፖርታዊ ንጥፈታት ኣብያተ ትምህርቲ


## ሰ/ቀ/ባሕሪ - ውዳበ መንእሰያት ኮማዊ ሰረት ንምትሓዙ ተዘትዩ

ሃንመተኤ ጨንፈር ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ብ23 ታሕሳስ ኣብ ባጽዕ ኣብ ዘየደዶ ርክብ፡ ውዳቤታቱ ክሳብ ምምሕዳራት ከቢ. ኣብ ምዝርጋሕን ጉዳይ መንእሰያት ኮማዊ ሰረት ኣብ ዝሕዝሉ መዳያትን ዘትዩ።

ሓላፊ ፖለቲካን ውዳበን መንእሰይ ሱሌማን የሰፍ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ውዳቤታት ማሕበር ንምስፋሕ ገስጋሳዊ ኣስተምህሮታትን ቅኑ ውዳቤታት ተመሃሮን ከምእተኻየደ፣ ከምኡ'ውን መንእሰያት ሞያ ዝዋጥቅሉን ፖለቲካዊ ንቕሓቶም ዘዕብዩሉን ስልጠናታት ከምእተወደበን ብምጥቃስ፡ ልዕሊ 84 ሚእታዊት ናይ ዝተወጠነ መደባት ከምእተተግበረ ኣረዲኡ።

ኣብቲ ርክብ፡ ብደረጃ ንኡሳን ዞባታት ናይ ዝተሰላሰለ መደባት ጸብጻባት ምስናይ ብድሆታቱን ሕጽረታቱን ቀሪቡን ተዘቲዩሉን።

ሓያል መንእሰይ ዋሕስ ሰለሞን ልምዓትን ምኽኑ ዝጠቕሰ ኣቦመንበር ሃንመተኤ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን፡ ውዳበ መንእሰያት ክሳብ ምምሕዳራት ከቢን ዓዲታትን ምስፋሕ፣ ከምኡ'ውን ሞያዊ ዓቕሚታቶምን ፖለቲካዊ ንቕሓቶምን ብምብራኽ ኣፍራይነቶም ምድንፋዕን ካብ ቀንዲ ተልእኾታት ማሕበር ከምዝኾነ ኣገንዚቡ።

ኣመሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ ብወገና፡ ሃንመተኤ ውዳቤታቱ ንምስፋሕ ዝካየዶ ዘሎ ንጥፈታት ድሕሪ ምምጓሳ፡ ዘሰላስሎም መደባት ምስ ካልኦም ኣብቲ ዞባ ዝርከቡ መሻርኽቱ እናተመሳልአ ክተግብሮም ኣዘኻኺራ።



ስእሊ: ደምሳስ ጸጋይ

## ደቡብ - ተራ ሕብረተ-ሰብ ኣብ ምውጋድ ፌስቱላ ክዓዝዝ ጸውዒት ቀሪቡ

ፌስቱላ ዘስዕቦ ጥዕናዊ፡ ማሕበራውን ስነ-ኣእምሮኣውን ሳዕቤናት ንምውጋድ፡ ተራ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ፡ ናይ ኣመሓደርትን መራሕቲ ሃይማኖትን ድማ ብፍላይ ክዕዝዝ፡ ሜዲካል ዳይረክተር መወከሲ ሆስፒታል ዞባ ደቡብ ዶ/ር ሰዓረ ተስፉ ጸዊዑ።

ተመሃሮን መምህራንን ቤት-ትምህርቲ ማእከላይ ደረጃ ኦሮታ ብ24 ታሕሳስ ኣብቲ ሆስፒታል ተዓቒብን ዝለዋ ግዱያት ኣብ ዝበጽሑሉ፡ ዶ/ር ሰዓረ፡ ፌስቱላ ብሰንኪ ሕርሲ ኣብ ገዛ ጉዳእቲ ልምድታትን መርዓ ትሕቲ ዕድመን ዝመጽእ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኣብ ግዱያት ዘውርዶ ጸቕጢን ተጸሎን ከቢድ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ክኢላታት ሕክምና ማህጸንን ሕርስን ዶ/ር ሃብቶ ሃይለመለኮትን ዶ/ር ኣብርሃም ኣማኑኤልን ብወገኖም፡ ፌስቱላ መጠንቀቕኡ፡ መስርሕ ፍወስኡን ሕልኽላኻቱን ዝምልከት መብርሂ ኣብ ዝሃብሉ፡ ክትትል ጥንሲ ምኽያድን ኣብ ትካላት ጥዕና ምግልጋልን ኑቲ ቁጽሪ እናጉደሎ ከምዝመጽእ ሓቢሮም።

ብዘዕባ'ተን ግዱያት ኣብ ዝሃብዎ መብርሂ፡ እተን 49 ሚእታዊት ዝተፈትሓ፣ 51 ሚእታዊት ወላድ ዘይብለን፣ 57 ሚእታዊት ድማ በኦራት ምኻነን ገሊጾም።

ርእሰ-መምህር ቤት-ትምህርቲ ማእከላይ ደረጃ ኦሮታ መምህር ጣሀር ያሕያ ብወገኑ፡ ቤት-ትምህርቶም ጥቓ ሃገራዊ ማእከል ፌስቱላ ዝተደኮነት ብምኻና፡ መምህራንን ተመሃሮን ተወሃሂዶም ኑቲ መደብ ከምዝወደብዎን ሕልናዊ ዕረፍቲ ከምዝፈጠረሎምን ሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ኣቶ ሀዘቅያስ ወ-ህበትን ሓላፊት ትምህርቲ መምህር ብላለ ኣርኣያን ድማ፡ እቲ ተበግሶ ብካልኦት ኣብያተ-ትምህርቲ ክስዕብ ብምዝኽኻር፡ ምምሕዳር ንኡስ ዞባን ቤት-ጽሕፈት ትምህርትን ዓቕሞም ዝፍቅዶ ኣበርክቶ ከምዝገብሩ ኣረጋጊጾም።

ኣብ 2007 ኣብ ቀጽሪ መወከሲ ሆስፒታል ዞባ ደቡብ ስርሑ ዝጀመረ ሃገራዊ ማእከል ፍወሳን ተሃድሶን ፌስቱላ፡ ብዘይካ'ቲ ዝሀቦ ናይ መጥባሕቲ ኣገልግሎት፡ ንግዱያት መሃያታዊ ኣካዳሚያዊ ትምህርትን ሞያን ኣቕሲሙ ናብ ሕብረተሰብ ዝጽንበር ኩይኑ፡ ዛጊት 1,463 ግዱያት ከምዝፈወሰ ሰነዳቱ የርእዩ።

## ጎልጅ - ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ብዝለዓለ ክስራሓሉ'ዩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጎልጅ፡ እቶታውነት ሕርሻ ዘዕብዩ ሜላታት ብሓፈሻ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ድማ ብፍላይ ብዝለዓለ ኣወዳድባ ክስራሓሉ ምዃኑ ተገሊጹ።

ምስ ወከልቲ ህዝቢ ኣብ ዝተገብረ ርክብ፡ ንከረምታዊ ሕርሻ ብዝምልከት ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብ፡ ምስ ናይ 2024 ብምንጽጻር እቶት ከምዝዛየደ፣ ካብ 17 ራህያታት እተን 10 ደብኡ ብምምልኣን 4 ድማ ብምፍራሰን እኹል ማይ ከምዘይተዋህለለ፣ ከምኡ'ውን ብሰንኪ ባርዕ ጫካ ልዕሊ ሓደ ሽሕ ሄክታር መግሃጫ ከምእተቓጽለ ተሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ተጠቃምነት ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንምዕባይን ሕጽረታተን ንምምላእን ምስ ኩሎም ኣካላት ሓይልታት ምክልኻልን ብምውህሃድ ዝምስገን ስራሕ ከምእተዓመ ተገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጎልጅ ኣቶ ደሴ ዘርኣማኑኤል ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኣብ 2026 እቶታውነት ንምድንፋዕ ዝሕግዙ ሜላታት ብሓፈሻ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ድማ



ብፍላይ ብዕቱብ ክስራሓሉ ምዃኑ ብምሕባር፡ ምእካብ ግብሪ፣ ምሕያል ስሉሳዊ ዝምድና መምህራን፡ ወለድን ተመሃሮን፣ ምግታእ ብርሰት ኣግራብ፣ ምጥርናፍ ዓድታትን ምእካብ ተረፍ ምህርትን ካብ ዓበይቲ መደባት ምኻኖም ኣፍሊጡ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ኣብ ናይ መንሃጫን ሕርሻን ቦታታት ዝርአ ምትሕውዋስ ክእረም፣ ሽግር መጎዓዝያ ፍታሕ ክናደየሉ፣ ግብሪ ትሪኽተራት ኣረኣእያ ክዋበረሉ፣ ከምኡ'ውን ዋሕዲ መምህራን ቋንቋ ኣደ፡ ዘይምኽኑይ ምቁራጽ ተመሃሮን ሽለልትነት መምህራንን ቁላሕታ ክዋበረሉ ተላብዮም።



ዜና

# ባጽዕ - ማእከል ሞያዊ ስልጠና ሰራሕተኛታት፡ 150 ሰራሕተኛታት ኣመረቑ





ማእከል ሞያዊ ስልጠና ሰራሕተኛታት ባጽዑ ንመበል 10ይ ግዜኡ ብዓውድታት ኤለክትሮኒክስ፡ ኤለክትሪሲቲ፡ ቴክኖሎጂ ኮምፕዩተር፡ ጽርበት፡ ሓጺንን ዕንጸይትን፡ ኮምፕዩተር ኔትዎርኪን፡ ከምኡ'ውን ስርዓት ማዘሓሓልን መወዓዓይን ዘሰልጠኖም 150 ሰራሕተኛታት፡ ብ23 ታሕሳስ ኣመረቐ።

ኣብ'ቲ ስነ-ስርዓት፡ ምኽትል ዳይረክተር ናይ'ቲ ማእከል - ኢንጅነር ኣኽሊሉ ኣስመሮም ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ማእከል ካብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ሃገርና ንዝመጽኡ ሰራሕተኛታት ተቐቢሉ ሞያዊ ስልጠና ከምዝህብ ብምግላጽ፡ ሰልጠንቲ ነቲ ዕድል ብዝግባእ ክጥቀሙሉን ፍልጠቶም ምስ መዓልታዊ ንጥፈታቶም ብምልፋን ብዕቱብ ክሰርሑሉን ኣዘኻኺሩ።

ወከል ተመረቕቲ ብወገኑ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ብኽልሱ-ሓሳብን ግብራዊ ሰራሕን ዝቐሰምዎ ትምህርቲ፡ ሓድሕዳዊ ተመኩሮ ክድልቡ ከምዝኸኣሉ ብምሕባር፡ ምስጋና ኣቕሪቡ።

ኣመሓዳሪት ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ ኣብ ዘስሙዕቶ መዛዘሚ ቃል፡ ሞያዊ ዓቕሚ ሰራሕተኛታት ንምብራኽ ዝግበር ጻዕሪ ኣፍራይነት ክብ ንምባል ኣብ ዝገብሮ ዕማም ኣስተዋጽኦ ከምዝለዎ ብምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ ዝረኸብዎ ኣፍልጦ ተረዲኦም ኣብርክቶኦም ከዕዝዙ ጸዊዓ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንሰልጠንቲ ወረቐት ምስክር፡ ኣብ ትምህርቶም ጽቡቕ ንዘርኣዩ ድማ ሽልማት ክዕደል ከሎ፡ ብሰልጠንቲ ዝቐረበ ሰራሓት ንምርኢት ቀሪቡ።

ማእከል ሞያዊ ስልጠና ሰራሕተኛታት ባጽዕ ኣብ ውሽጢ 10 ዙርያታት፡ 32 ሚእታዊት ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 1,617 ሰራሕተኛታት ብዝተፈላለየ ዓውድታት ሞያ ከምዘመረቐ ሰነዳት የረድኡ።

# ስድራ-ቤት ስዉእ ኣምባሳደር ግርማ፡ ኣገዳሲ መጽሓፍቲ ኣረኪባ





ስድራ-ቤት ስዉእ ኣምባሳደር ግርማ ኣስመሮም፡ ብ23 ታሕሳስ ልዕሊ 400 ኣገዳሲ መጽሓፍቲ ንማእከል ምርምርን ስነዳን ህግደፍ ኣረኪባ።

እቲ ዝተረከበ መጽሓፍቲ፡ ናይ ታሪኽ፡ ስነ-ጽሑፍ፡ ፖለቲካ፡ ኣህጉራዊ ዝምድናታትን ካልእን ዘጠቓለለ ኮይኑ፡ ንተመራመርትን ተመሃሮን ከምኡ'ውን ንዝሰፍሐ ተጠቃማይ ከም መወከሲ ዘገልግል'ዩ።

ኣብ'ቲ ናይ ምርኽኻብ ስነ-ስርዓት፡ ብዓልቲ-ቤት ስዉእ ኣምባሳደር ግርማ ወ/ሮ ኤደን ኣስፍሃ፡ እቲ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ ኣብ መንበሪ ቤቶም ዝተኣከበ መጽሓፍቲ፡ ስዉእ ኣምባሳደር ግርማ ኣስመሮም ህዝቢ ብዘጸ ዝግልገለሉ ዕድል ንምፍጣር ልዑል ሃንቀውታ ከምዝነበሮ ብምጥቃስ፡ እቲ መጽሓፍቲ ኣብ'ቲ ግቡእ መዓልኡ ንኽውዕል ንማእከል ምርምርን ስነዳን ከምእተረከበ ገሊጻ።

ኣብ ማእከል ምርምርን ስነዳን ሓላፊ ጨንፈር ምእራራን ምመያን ኣቶ ዩሱፍ እድሪስ ድማ፡ ስድራ-ቤት ስዉእ ኣምባሳደር ግርማ ኣስመሮም ንዝወሰደቶ ተበግሶ ብምምስጋን፡ ንዝሰፍሐ ኣገልግሎትን ዕቃበን - ንፍሲ-ወከፍ ዜጋ ኣብ መንበሪ ቤቱ ዓቂብዎ ንዘሎ ሰነዳት ብተመሳሳሊ ኣገባብ ከረክብ ኣዘኻኺሩ።

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝነበረ ኣምባሳደር ግርማ ኣስመሮም፡ ብ5 ጥቅምቲ 2016 ኣብ መበል 66 ዓመት ዕድመኡ'ዩ ብሕማም ኣብ ኒውዮርክ ተሰዊኡ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም, ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ, ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


# ዓዲ ቐይሕ - ዕቃበን ሓለዋን መበቈላዊ ኣግራብ ዝምስገን ውጽኢት ተረኺብዎ

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲቐይሕ ዝተኻየደ ዕቱብ ዕቃበን ሓለዋን ሃብቲ ገረብ፡ ኣብ ምስሳን መበቈላዊ ኣግራብ ዝማሰነን ውጽኢት ከምእተረኸበ፡ ወከል ብዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘቤዓምን ኣቶ ግርማይ ኣብርሃ ገለጹ።

ኣብ ምብራቓዊ ኣጻድፍ - ምምሕዳር ከባቢ ሳፊራ ዝርከብ ኣብ 2022 ዝተተኽለ ልዕሊ 30 ሽሕ ፈልሲታት፡ ሳላ ዝተገብረሉ ናብዮትን ሓለዋን ከምዝዕደቐ፡ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ማሰሽሎዛላ፡ ኢጊላ፡ ተኾንዳዕ ሰበረሶ፡ ሓይካ፡ ዓቢ-ግራት፡ ደርዒ ሰምዲ፡ ዓዲሻንታን ማእለውያን ብበጊዜኡ ዝተተኽለ'ውን ብተመሳሳሊ ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ከምዝርከብ፡ ብኣብኡት ሓቢሩ።

ንኮማዊ ንጥፈታት ምግራብ ኣመልኪቱ ኣቶ ግርማይ፡ ኣብ ማይክዕያታት፡ ደንደስ ጽርግያን ካልእ ከባቢታትን ዝተተኽለ ፈልሲታት ብኮም ምክትታል ስለዝተገበረሉ፡ ውጽኢቱ ዕዉት ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ሓይካብ ኣቶ ጀማል መሓመድ ሽፋ ብወገኑ፡ ኣብ ዓድታት ሳዕላይን ታሕታይን ሕንብርተን፡ እምባከሃት፡ ምድረርጊዑ፡ ኣሰሓርትን ዕቡኽለርገን ኣብ 2017 ብ7 ሽሕ ፈልሲታት ዝፈለመ ምትካል ኣግራብ ልዕሊ 80 ሽሕ ከምዝበጽሐ ብምሕባር፡ ኮማዊ ምግራብ ውጽኢታዊ ከምዝኾነ ኣረዲኡ።



ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ሳፊራ ኣቶ ኣሕመዲን ስሌማን ብወገኑ፡ መበቈላዊ ኣግራብ ምዕቃብን ምስሳንን ግዴታ ስለዝኾነ፡ ብሰፊሑ ከምዝድፋኣሉ ኣፍሊጡ።

ኣብ ሓለዋ ኣግራብ ዝተዋፈሩ ብወገኖም፡ ንቕሓት ሕብረተሰብ እናበረኸ ብምምጽኡ፡ ውጽኢት ዕቃብ ኣግራብ ዝምስገን ከምዝኾነ ገሊጾም።

## ሎሚ ኣብ ERI- TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ኤሮቢክስ |
| 09:35 | ሃሎ ቈልዑ |
| 10:10 | ዶክመንታሪ |
| 10:35 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ለሰ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ጉዳይ ኣብ ዘተ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | መደብ ኣከባቢ |
| 17:30 | ሳይዳ |
| 18:30 | ደረትቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም ዳምር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተክ ኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ሌላ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ኵርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ኣገደስቲ እንዶታት 3

### ንዕዉት ጉዕዞ ትምህርቲ

*ተመሃሮ ዕዉታት ክኾኑ ዘዘውትሩዎ ልምድታት ኣሎዎም። ነዚ ልምድታት ብምጥቃም፡ ካልኦት ተመሃሮ ክዕወቱ ይኽእሉ እዮም። ኣብዚ ብተኸታታሊ ዝቐርብ፡ ካብ ልምድታት ዕዉታት ተመሃሮ ተመርኲሱ ዝተኣከበ እንዶታት፡ ብዙሕ ክጥቀሙ ተሰፋና እዩ። ኣብ ናይ ሎሚ ክፋል፡ ማክዳ ትንሱእ ዝልኣኸትልና፡ ን'ኣመል ምድንጓይ' ዝምልከት ጽሑፍ ኢና፣ ኣብ ዝመጽእ ናትኩም ተመኩሮ ክትልእኩልና ክንጽበ ኢና።*

ምድንጓይ ማለት ንሓደ ዕዮ ኣብ ክንዲ ኣብቲ እተመደበሉ ግዜ ምስራሕ፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ናብ ካልእ ግዜ ምስግጋር ብማለት'ዩ። ሽሕ'ኳ ሓደ ሓደ ግዜ (ብቑዕ ምኽንያታት ምስ ዝህሉ) ምድንጓይ ሃሳዪ እንተ ዘይኰነ፡ ምስ ዝበዝሕ ግን ነቲ ዕዮ ብሰንኪ ዘይምስራሕካ ሻቕሎት ይፈጥር። ብተወሳኺ ንሓደ ዕዮ ግዜ ሂብካ ብጽፈት ኣብ ክንዲ ምስራሕ፡ ብሃታሃታ (ብተሃዋኺ) ክትሰርሕ ትግደድ'ሞ ዘይጽፉፍ ስራሕ ተቕርብ። ምድንጓይ እምብኣር ኣብ ትምህርቲ ኣሉታዊ ሳዕቤን'ዩ ዘሎዎ።

**1.** ተመሃሮ ስለምንታይ ስራሕ የደናጉዩ?

ተመሃሮ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ንሓደ ስራሕ ኣብ ክንዲ ኣብ እተመደበሉ ግዜ ሰሪሖም ዝውድኡ ናብ ካልእ እዋን ከሰጋግሩ ይርአዩ። ገለ ካብቲ ምኽንያታት፥

*1. ፍጹምነት ምድላይ፥ ንሓደ ስራሕ ብዘይ ገለ ጌጋ ክትሰርሕ ትደሊ'ሞ ካብቲ ምዱብ ግዜ ንላዕሊ ይወስድ።*

*2. ከይትወድቕ ምፍራሀ፥ ሓደ ተመሃራይ ንሓደ ዕዮ ብዝግባእ ክሰርሕ ዘይክእል ኰይኑ ይስምዖ'ሞ ርእሰ ተኣማንነት የጥፍእ፣ ነቲ ዕዮ ናብ ካልእ እዋን የሰጋግሮ።*

*3. ዘይንጹርነት፥ ሓደ ተመሃራይ ንሓደ ዕዮ ብኸመይ ከም ዝጅምሮን ዝውድኦን ንጹር ርድኢት እንተ ዘይብሉ ንሓደ ዕዮ ክዓዩ ካብ ግቡእ ግዜ ንላዕሊ የጥፍእ።*

*4. ብርቱዕ ዕዮ፥ እቲ ዝስራሕ ስራሕ፡ ብርትዕ ዝበለ፡ ልዕሊ ዓቕሚ እቲ ተመሃራይ እንተ ኰይኑ።*

*5. ተበግሶ ዘይምህላው፥ ተገዳስነት ምጥፋእ ጠንቂ ምስግጋር ዕዮ ይኸውን።*

*6. ኣቓልቦ ምጥፋእ፤ ንሓደ ዕዮ ምሉእ ኣድህቦ ሂብካ ክትዓዩ ዘይምኽኣል።*

*7. ቀዳምነታት ዘይምስራዕ፥ ኣየናይ ዕዮ መጀመርታ ይዕየ። ኣየናይከ ድሒሩ ይስዕብ ዝብል ንጹር መደብ ዘይምህላው።*

**2.** ኣመል ምድንጓይ ከይህሉወካ ብኸመይ ተረጋግጽ

ካብዚ ስዒቡ ተጠቒሱ ዘሎ ሓሳባት ምስ ሓሙሽተ ወይ ልዕሊኡ ትሰማማዕ እንተ ኴንካ ናይ ምድንጓይ ኣመል ኣሎካ ማለት'ዩ።

1. ንብርትዕ ዝበለ ዕዮ ንኻልእ እዋን ኣሰጋግሮ?

2. ንሓደ ዕዮ እጅምሮ'ሞ ብርትዕ ምስ ዝብለኒ ናብ ካልእ እዋን ኣሰጋግሮ?

3. ኩሉ ግዜ ንሓደ ዕዮ ምጅማር ኣጸግመኒ?

4. ንኣብነት ዕዮታት ኣብ ሓደ ግዜ ክዓዮ እፍትን'ሞ ንገለ ካብኡ ብዘይ ምሉእ ኣድህቦ እዓዮ?

5. ደስ ዝዘይብለኒ ዕዮ ናብ ካልእ እዋን ኣሰጋግሮ?

6. ነቲ ዝመደብኩዋ ዕዮ ኣብቲ ዝመደብኩዎ ሰዓት ኣብ ክንዲ ዝዓዮ፡ ምኽንያታት ብምፍጣር ናብ ካልእ እዋን ኣሰጋግሮ?

7. ንሓደ ዕዮ ብኸመይ ከም ዝጅምሮ ወይ ዝውድኦ እንተ ዘይነጺሩለይ ናብ ካልእ እዋን ኣሰጋግሮ?

8. ክሰርሕ እጅምር እሞ ከይወዳእኩ ኣቋርጽ?

9. ንገለ ዕዮ እንተ ዘይተገዲሰሉ ዝጠፍእ ኰይኑ ይስመዓኒ?

10. ኣየናይ ዕዮ ቀዳምነት ከም ዝሰርሕ ምውሳን የጸግመኒ?

11. ኣብ ክንዲ ናብቲ ዝስራሕ ዕዮ ዘድህብ ብዛዕባ ካልእ ነገር እሓስብ?

**3.** ምድንጓይ ብኸመይ ክፍወስ ይከኣል

ኣመል ምድንጓይ እንተ ኣሎካ እዚ ዝስዕብ ብምግባር ኣብቲ እተመደበሉ ግዜ ውጽኢታዊ ስራሕ ክትሰርሕ ትኽእል፥

1. ነብሰ ምልዓል ኣዘውትር፣ ንኣብነት፡ "እዚ ዕዮ ብዓወት ክዛዝሞ'የ፡" "ክስራሕ ዘይክእል ዕዮ የለን፡"...።

2. ቀዳምነታት ስራዕ፣ ኣየናይ ዕዮ መጀመርታ ኣየናይከ ይስዕብ ፍለ።

3. ብእተኻእለ መጠን ንሓደ ዕዮ ምስ ጀመርካዮ ክትውድኦ ፈትን።

4. ትሰርሓሉ ቦታ ምቹእ ይኹን።

5. ኣብቲ ብኣድማዕነት ክትሰርሓሉ ትኽእል ግዜ ጥራይ ስራሕ።

6. ንሓደ ዓቢ ዕዮ ናብ ንእስ ንእስ ዝበለ ብግቡእ ከተማሕድሮ እትኽእል ዕዮታት መቓቕሎ።

7. ብጉጅለ ወይ ምስ ብጾትካ ብሓባር ኴንካ ስራሕ።

8. ንብርትዕ ዝበለ ዕዮ ንመማህርትኻ ወይ መምህርካ ሕተት።

9. ነፍሲወከፍ ዕዮ መዓስ ከም ዝዕየ መደብ ኣውጽእ።

10. ስራሕ ከባቢኻ (ዝርብሽ) ዝኽእል ነገራት ካባኻ ኣርሕቆ ወይ ረሓቐሉ።

11. ኣብ መንጎ ናይ ዕዮ ክፍሊ ግዜ ሓጺር ናይ ዕረፍቲ ግዜ ይሃሉኻ።

12. በቲ ዝበርተዐ ደስ ዘይብለካ ጀምር።

13. ንሓደ ዕዮ ምስ ወዳእካዮ ንነብስኻ ኣሐጉሳ።

ልዕሊ ኩሉ እወታዊ ኣተሓሳስባ - እቲ ዕዮ ብዓወት ከም እትዛዝሞ ኣብ ትምህርቲ ከም እትዕወት - ንሓደ ዕዮ ከይጀመርካዮ ብርቱዕ ክመስለካ ይኽእል'ዩ። ምስ ጀመርካዮ ግና ከምቲ ዝፈራህካዮ ዘይኰነስ ፍኹስ ዝበለ ኰይኑ'ዩ ዝጸንሓካ። ነቲ ስራሕ ምስ ትቕጽሎን ትውድኦን ከኣ ሓጎስ ይሰምዓካ፣ ዕግበት'ውን ይፈጥረልካ። ስለዚ፡ ምድንጓይ ምውጋድ፡ ኣብ ጉዕዞ ትምህርትኻ ውጽኢታዊ ንምኳን ክሕግዝ እዩ። እንተወሓደ ስሩዕነት ክፈጥረልካ እዩ። ስሩዕነት፡ እንታይ ፋይዳ ከም ዘሎዎ ኣብ ዝመጽእ ሕታምና ተኸታተሉ።

ማክዳ ትንሱእ






## ኣካላዊ ምንቅስቓስ

ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዘዘውትር ሰብ፡ ኣካሉ ድልዱል፡ ጥዕናኡ ምሉእ፡ ንጡፍን ትግሁን'ዩ ዝኸውን። ዝኾነ ሰብ ምንቅስቓስ ኣካላት ክገብር እንከሎ ብዙሕ ምኽንያታት ኣሎዎ፣ እቲ ዝበዝሐ ጥዕናኡ ንምሕላው ይገብሮ። ገለኦም መዓልታዊ ህይወቶም ብቑዓት ኰይኖም ክርከቡ ዘገድዶም (ከም ስፖርታውያን) ኰይኖም፡ ካልኦት ከኣ ክብደቶም ንምሕላዉ፡ ንመዘናግዒ ወይ ምስ መሳቱኦም ንምውድዳር ዝሰርሑ ኣይስኣኑን። ብሓኪም ተኣዚዙሎም ምእንቲ ሕማሞም ክከናኸኑ ዝሰርሑ'ውን ኣለዉ። ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምዝውታር፡ ኪንዮ እቲ ዝህቦ በበይኑ ጥቕምታት፡ ሕጉሳት ክንከውንን ዝኾነ ክንገብር ከም እንኽእል ክንኣምንን የኽእለና። ስልቻውነት፡ ትጉህ ዘይምኻን ካብዚ ዝነቅል እዩ። ብሰንኪ ትህኪትና ካብ ብዙሕ መደባትና ወይ ክንገብሮ ዝሓሰብናዮ ንበኵር ኢና። ብዓቢኡ ካብ መጽናዕትና፣ እቲ ጽባሕ ክንሕጉሰሉ እንሓስቦ ሕጂ ስለ እንሰርሖ፡ ሓንቲ ደቒቕ ብሰንኪ ትህኪትና ብዘይ መደብ እንተ ሓሊፉ፡ ሓንቲ ናይ ጽባሕ ናይ ሓጎስ ደቒቕ ኣጉዲልና ምህላውና ኣይንረስዕ።

ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣብ ክልተ ዓበይቲ ክፋላት ዝምቀል ኰይኑ፡ 'ኣይሮቢክ'ን 'ኣንኣይሮቢክ'ን ይበሃሉ። 'ኣይሮቢክ' ዝብሃል ምንቅስቓስ ኣብ ጭዋዳታትና ዓቢ ስራሕ ምስ ዝህሉን ብዝያዳ ቅልጣፈ ኦክሲጅን ምስ እንጥቀምን እዩ። ንልብናን ሳንቡእናን ዝያዳ ኦክሲጅን ንኸዳሉዋ ብዙሕ ክሃልካ የገድደን። ምጉያይ፡ ምጓዓዝ፡ ኣብ ነዊሕ እዋን ነዊሕ ርሕቀት ምጉያይን ምሕንባስን ካብቲ 'ኣይሮቢክ' ዝብሃል ምንቅስቓስ እዩ።

'ኣንኣይሮቢክ' ዝብሃል ምንቅስቓስ መብዛሕትኡ፡ ምስ ምልዓል ክብደት ዝተኣሳሰር ኰይኑ፡ ንጭዋዳታት ግዚፍን ተሪርን ይገብሮ። እዚ ዓይነት ምንቅስቓስ'ዚ፡ ዘይከም 'ኣይሮቢክ' ብዙሕ ኦክሲጆን ዘየህልኽ ክኸውን እንከሎ፡ ንልብን ሳናቡእን'ውን ዘሸግር ኣይኰነን። 'ኣንኣይሮቢክ' ምንቅስቓስ ንጭዋዳታትና ቀልጢፉ ስለ ዘድክም፡ ንሓጺር ግዜ ጥራይ ዝግበር ምንቅስቓስ እዩ።

ናብ ልቢ ደም ዘመሓላልፍ ሻንቢቆታት፡ ብስብሒ ክጸብብ እንከሎ፡ ንልቢ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ሕማማት (Plaque build up in blood vessels) የስዕብ። 'ኣይሮቢክ' ምንቅስቓስ ከም ምጓዓዝ፡ ብሽክለታ ምዝዋር፡ ኣብ እተወሰነ ግዜ ንንውሕ ዝበለ ርሕቀት ምጉያይን ካልእን ነዚ ሕማም ልቢ ኣየቃልዕ። ንድልዳለ ልብን ሳንቡእን'ውን ሓጋዚ እዩ። ዝኾነ ሰብ ኣብ ሰሙን እንተወሓደ ሰለስተ ግዜ ካብ 20 ክሳዕ 30 ደቒቕ ዝወስድ 'ኣይሮቢክ' ምንቅስቓስ ክዘውትር ሓካይም ይምዕዱ። ብተወሳኺ ክብደትና ንምሕላው ተመሰሳሊ ምንቅስቓስ ክነካይድ ንኽእል ኴንና፡ ንመላጋግቦና ንምትዕጽጻፍ ዝሕግዝ ምስ ዮጋ ዝመሳሰል ፎኩስ ምንቅስቓሳት ክነካይድ ተመራጺ እዩ።



ኣስመራ ርእሶም

### ዳእላ ተመሃሮ

Q: Why were the teacher's eyes crossed?

A: She couldn't control her pupils!

ሜሪ ማና



### ጥቕሲ ኣዚ ሰሙን

"እቲ ዘይቀጥብ፡ ጐሃዪ እዩ።"

- Confucius

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ሚኒስትሪ ሕርሻ

# ንርቃሕ ኣብ ካልኣይ ዓመቱ

ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ ትሕቲ “ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ ኣብ ኩሉ”፡ ዝብል መርሓ ጉደና ካብ 2024 ክሳዕ 2028 ዝዝርጋሕ ስትራተጅያዊ ውጥን ኣዳልዩ፡ ብንጥፈት ኣብ ምትግባሩ ይርከብ። ድሮ’ውን ኣብዚ ዝዛዘም ዘሎ ካልኣይ ዓመቱ እተፈላለየ መደብ ስራሕ ብምውጻእ፡ ሓያሎ ተበግሶታት ወሲዱ ይርከብ። ሓደ ካብዞም ስትራተጂታት፡ ንኡስን ርቡሕን ቃጽያ ሕርሻ ማለት ንርቃሕ እዩ። ዝሓለፈ ዓመት 2024፡ ብመደብ ንርቃሕ ኣብ ልምዓት ዘራእትን ኣሕምልትን ዘተኮረን ብሰለስተ እብረ ዝኸይድን መደብ ስራሕ ኣብ ባይታ ኣበጊሱ።

ሎሚ ዓመት ድማ ነቲ “ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ ኣብ ኩሉ” ዝብል መርሓ ሓሳብ፡ ብምልኣት ንምትግባር፡ ኣብ ርእሲ ብመደብ ንርቃሕ ዝካየድ ልምዓት ዘራእቲ፡ መፍረ ደርሁ ገደናን ጋብላዊ ቀፎን ወሲኹ፡ ጽቡቕ ኣንፈት’ውን ተረኺብሉ ኣሎ።

ብመሰረት ጸብጻባት ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ነቲ መደብ ንምዕዋት ፈለማ ኣብ ኩለን ኣካላት ናይቲ ሚኒስትሪ ማለት ካብ ማእከላይ ቦታ ኣትሒዝካ ኣብ ዞባ፡ ንኡሳን ዞባታት፡ ምምሕዳር ከባብን ዓድን ሰፋሕቲ ኣኼባታትን ጉስጓሳትን ተኻዪዱ። እቲ ጉስጓሳት፡ ብመገዲ ኣብነታውያን ሓረስቶት ቤት ትምህርቲ ግራት ሓረስቶት፡ ሃገራዊ ዋዕላታት፡ ስሉሳዊ ሽማግለ ኣካላት ሕርሻ፡ ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ፡ ሃገራዊ ማሕበር ደቂኣንስትዮ ኤርትራን ዝሓቑፈ ሰፋሕቲ መደባት ተሰላሲሎም። ብዓቢኡ ድማ እቲ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሕርሻ ዝቘመን ሰሙናዊ ብላዕለዎት ኣካላት ናይቲ ሚኒስትሪ ደቂቕ ክትትል ዝግበረሉ ሃገራዊ ሽማግለ፡ ናብ ዞባ፡ ንኡስ ዞባን ምምሕዳር ከባብን ዝወረደ ሰንሰለት ቀይሙ። ነቲ ዕማም ዝትግብራ ተመሳሰልቲ ሽማግለታት ድማ ኣብ ዞባታት ቈይመን።

ናብ ሽዱሽተ ዞባታት ሃገርና፡ ዳህሳሳዊ ሓበሬታ ንምእካብ ተንቀሳቒስና ብዝተዓዘብናዮ ድማ፡ እቲ ጉስጓስ ብግቡእ ናብ ታሕቲ ከም ዝወረደ ንምግንዛብ ተኻኢሉ ኣሎ። ኣብ ዘበዝሓ ዞባታት፡ ኣብ መደብ ንርቃሕ መፍረ ደርሁ ገደናን ጋብላዊ ቀፎን’ውን ክሰራሕን ነቲ መደብ ብምልኣት ክሰርሓሉን ተዓዚብና። ሓያሎ ሓረስቶት’ውን ኣዘራራብና፡ ኣመቱ ዘተሰፉ’ዩ። እቲ ዝጸንሐ መረዳእታ ማሕረስ ዝቕይር ምዕባለታት’ውን ካብ ልሳን ሓረስቶት ሰሚዕና። ብፍላይ ኣብቲ ቀዳማይ እብረ ልምዓት ብሱል ኣእካል ወይ ጻዕዳ እኽሊ፡ ኣብ ሓደ ሽሕ ትርብዒት ሜተር እንተ ወሓደ ካብ ሰለስተ ክሳዕ ሓሙሽተ ኩንታል እኽሊ ክሕፈስ ኢና ንጽበ። ምኽንያቱ እቲ ቀድም ሰኣን ሓንቲ ማይ እናበለ ኣብ ሰፊሕ መሬት ዘሪኡ ዘይረኽቦ ዝነበረ ምህርቲ እዩ ክሓፍስ ጀሚሩ።

መደብ ንርቃሕ፡ ግቡእ ሕርሻዊ ኣገባብን ስነ-ፍልጠታዊ መሰርሕን ዝኽተል’ዩ። እቲ ስርሒ ብምድልዳል መሬት ሕርሻ ይፍልም። ምድኳዕ ብባህርያዊ ድኹዒ ይቕጽል። ሓንሳእ ብኮምፖስት ዝተደኰዐ ቃጽያ፡ ክሳዕ ሰለስተ ዓመታት ከልምዕ ይኽእል። ምሩጽ ዘርኢ ብምጥቃም ይዝራእ። ብመስመር ምሕራስን ምዝራእን ግድን ይኸውን። ብግቡእ ምጽሃይን ምኹስኳስን ዘይተርፍ ዕማም’ዩ። ኣብ ርእሲኡ ዋሕዲ ዝናብ ኣብ ዘጋጥም’ውን ሓረስቶት ኣብ ከባቢኦም ካብ ዝርከብ ምንጪ ማይ ብጉልበት ተደጊፎም ከስትዩ ይኽእሉ - ብፍላይ ኣብ ልምዓት ቀዳማይ እብረ።

ብሓፈሻ ስትራተጂ መደብ ስራሕ ንርቃሕ ኣብ ሰለስተ ናይ ልምዓት እብረታት ዝዝርጋሕ ንምሉእ ዓመት ዝኸይድ ሕርሻዊ ንጥፈት ኢዩ።

ኣብ ናይ ሎሚ ዓምድና፡ ናብ መላእ ሃገር ተዛዊርና፡ ምስክርነት ኣብ ልምዓት ቀዳማይ እብረ ናይ ዝተሳተፉ ወከልቲ ኣብነታውያን ሓረስቶት ነቕርበልኩም።

ሑሴን ሮሞዳን፡ ተቐማጢ ምምሕዳር ሊባን ዞባ ዓንሰባ እዩ። ንሱ፡ “ብሻሕ ክንዘርእ



ሑሴን ሮሞዳን

ከለና፡ መገዲ ኣይነበሮን፡ እናሰባበርካ ኢኻ ተመሓድሮ። ኣብዚ ብመስመር ዝዘራእናዮ ግና ቦታ መተሓላለፊ ስለ ዘሎ ዘራእቲ ብግቡእ ከተመሓድሮ ትኽእል ኢኻ። ካብዘን ዘሪአየን ዘለኹ ብልቱግ ኣርባዕተ ኩንታል ክሓፍስ እጽበ። ብተወሳኺ፡ ክልተ ጋብላዊ ቀፎ፡ ዕስለ ንህቢ ዝኣተዎ ብሓርፋፍ ገምጋም ክሳዕ 24 ኪሎ መዓር ክሓፍስ እጽበ። ደርሁ’ውን ልዕሊ ዓሰርተ ኣለዋኒ፡ ኣብ ገዛ ንጥቀመለን፡ ንዝኹነ ወጻኢታት ድማ ይሸፍናልና እየን።”



ሰላም ኣሰፍሃ

ሰላም ኣሰፍሃ’ውን ተቐማጢት ዳንዔረ ገነት ዞባ ደቡብ እያ። ንሳ ኣብዚ መደብ ንፈለማ እዋን እያ ትሳተፍ ዘላ፡ “ተሳታፊት ንርቃሕ ክኸውን ፈለማይ እዩ። ንርቃሕ ከም ዝርድኣኒ፡ ኣብ ንእሽተይ መሬት ጽቡቕ ምሕደራ ተጠቒምካ ካብ ሒደት ብዙሕ እቶት ምሕፋስ ማለት’ዩ። ብተወሳኺ ናይ ገደና ደርሁ ጌረ ኣለኹ፡ ሓደ ጋብላዊ ቀፎ’ውን ኣለኒ። እቶት ድማ ብሕጂ ጽቡቕ ክሓፍስ ተስፋ ጌረ ኣለኹ” ብምባል ኣብ ንርቃሕ ዘለዋ መረዳእታ ትገልጽ።

ዓብደላ ማሕሙድ’ውን ሓረስታይ ንኡስ ዞባ ገለብ ዞባ ዓንሰባ እዩ። “ቃጽያይ ሓንቲ ጽምዲ እያ ትኸውን። ኣብዚ በጺሓቶ ዘላ ደረጃ ክሳዕ ኣርባዕተ ኩንታል ክትህበኒ እጽበ ኣለኹ። ብዛዕባ ኣሰራርሓ ጋብላዊ ቀፎ ትምህርቲ ተዋሂብና’ውን፡ ሰለስተ ሰሪሐ ኣለኹ፡ እተን ክልተ ንህቢ ኣእትየለን ኣለኹ። ካብቶም ዝኣተዉ ድማ ብድምር 40 ኪሎ መዓር ክረክብ እጽበ ኣለኹ። ናይ ገደና ደርሁ’ውን 10 ዝኾና ኣለዋኒ። ብውሑዱ ሰለስተ እንቋቑሖ ኣብ መዓልቲ ይህባ።”



ሓቂ ሕርሻ



ዓብደላ ማሕሙድ

ሓረስታይ ለዊ ፊሊፖ’ውን ተቐማጢ ኣሾሺ፡ ዞባ ጋሽ ባርካ እዩ። ኣብ ሓደ ሽሕ ትርብዒት ሜተር ዕፉን ዘሪኡ፡ ኩሉ እቲ ንመሬት ዘድልያ ከም ዝገበረላ እዩ ዝሕብር። ማይ ኣብ ዘወሓደሉ እዋን ተወሳኺ ማይ ብምስታይ ጽቡቕ ፍረ ከም ዝረኸበ’ውን ይገልጽ። “ሞያዊ ምኽሪ ብምትግባርን ብመደብ ንርቃሕ ኣዝዩ ውጽኢታውን ኣኽሳብን ኮይኑ ረኺበዮ።” ይብል ኣቶ ለዊ ፊሊፖ። ንሱ ወሲኹ፡ ሰለስተ ጋብላዊ ቀፎ ሰሪሑ ዕስለ ንህቢ ወኒኑ ይርከብ። ካብኡ’ውን



ለዊ ፊሊፖ

ብገምጋም ካብ ሓንቲ ጋብላዊ ቀፎ ዕስራ ኪሎ ግራም ከም ዝረክብ ይሕብር፡ “ንርቃሕ ምዕቡል ኣገባብ ማሕረስ’ዩ። ኩሉ ሓረስታይ ነዚ መደብ ክትግብሮ ክኽእል ኣለዎ። ውጽኢቱ ብግብሪ ክርእዮ እዩ” ይሕብር። “ደርሁ’ውን 24 ዝኾና ኣለዋኒ፡ ዝያዳ ከብዝሐንን ድማ እጽዕር” ይውስኽ።

ኣብ ዙላ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ዝቕመጥ ሓረስታይ ሑመድ እድሪስ ሑመድ’ውን ኣብ መደብ ንርቃሕ ክሳተፍ እንከሎ፡ ብምኽሪ ሞያውያን ከም ዝጀመረ እዩ ዝሕብር “እዚ መደብ ንርቃሕ ምስ ተኣታተወ፡ 20 ብ 50



ሑመድ እድሪስ ሑመድ

ሜትሮ መቲረ ሓሪሰያ። ጀመርቲ ስለ ዝኾንና እንታይ መኽሰብ ከም እንረክብ ብሕጂ ኢና ክንርእዮ። ብመሰረት ዝተዋህበና ሓበሬታ ግና፡ ካብዛ ቃጽያ እንተወሓደ ኣርባዕተ ኩንታል ዝረኸቡ ሓረስቶት ኣለዉ ስለ ዝሰማዕና፡ ንሕና ድማ ሽውዓተ ኩንታል ክንረክብ ንጽበ ኣለና” ይብል።

ተስፋዝጊ ሃብተማርያም፡ ተቐማጢ ጠማምዖ ዞባ ማእከል እዩ። “ኣብ ውሱን ቦታ፡ መሬትካ ደጋጊምካ ኣለሳሊስካ፡ ደኲዕካ ብመስመር ዘሪእካ እቲ ርቡሕ ዝበሃል ምህርቲ ክትሓፍስ ትኽእል። እዛ ፈልየያ ዘለኹ 50 ብ 25 ሜትሮ እትኸውን ቃጽያ እያ። ዝዘራእክዎ ዘርኢ ኪሎ ኣይበጽሕን’ዩ። ዕፉን እየ



ተስፋዝጊ ሃብተማርያም

ዘሪአያ ዘለኹ። እቶት ወላ’ኳ ብሕጂ ዝርአ እንተኾነ፡ ጽቡቕ’ያ ሒዛ ዘላ። ጋብላዊ ቀፎ’ውን ኣሎኒ። ክልተ ዕስለ ንህቢ ዝኣተዎ ክኸውን ከሎ ሰለስተ ድማ ብሕጂ ክኣትዎ ሰሪሕና ኣዳሊናዮ ኣለና። ካብተን ክልተ ዕስለ ዘለወን እታ ሓንቲ ቀፎ ኣብ ሓደ እዋን 20 ኪሎ መዓር በርቢረላ ኣለኹ። 25 ዝወልዳ ደርሁ ገደና’ውን ኣለዋኒ። መግበን ካብዚ ዘለና ተረፍ ምህርቲ ካልእ እናሓወስና ኢና እንህበን። ውጽኢታውያን ከም ዝኾና ድማ ክገልጽ እፈቱ” ይሕብር።

ሎሚ መረዳእታ ሓረስቶት ኣብ መደብ ንርቃሕ ኣዝዩ ስለ ዝዓበየ፡ ውጽኢቱ ኣተባባዒ ኮይኑ ኣሎ። ዳርጋ ነፍሲ-ወከፍ ሓረስታይ ነቲ ክልሰ-ሓሳብን ናይ ትግባረ መስርሕን ብርድኢት ክገልጾ ኣይሽገርን። ንዳህሳስን ገምጋምን ናብ ቦታ ልምዓት ኣብ ዝወፈርናሉ፡ “ክሳዕ ሕጂ ኣበይ ጸኒሕና” ዝብሉ ሓረስቶት ኢዮም ጸኒሖምና። ንሱ ጥራይ ዘይኮነ’ውን እወታዊ ጽልዋ ይፈጥሩ ኣለዉ።

ኣብ 2024፡ ብቐዳማይ ናይ ልምዓት እብረ፡ ኣስታት 12 ሽሕ ቃጽያ ነይሩ። ሎሚ ዓመት ከኣ እቲ ቍጽሪ ናብ 33 ሽሕ ቃጽያ ደይቡ። ብደረጃ ሃገር ብምልኣት ወይ ብጥቕላል መደብ ንርቃሕ ዘተግብሩ ድማ ልዕሊ ክልተ ሽሕ ሓረስቶት በጺሖም ኣለዉ። እቲ ቍጽሪ ኣተበባዒ’ዩ፡ እንተኾነ፡ እዚ ዛጊት ተመዝጊቡ ዘሎ ውጽኢት ምስ ባህግና ክነጻጸር ከሎ ገና ስለ ዘሎ፡ ኣብዚ ዝቕጽል ዘሎ ዓመታት፡ ኣብ ኩለን ዓድታት ብፍላይ ከኣ ኣብቶም ኣብ ሓውሲ ኣጻምእ ዝርከቡ ሓረስቶት መደብ ንርቃሕ ብምልኣት ከተግብርዎ ይግባእ።

## ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!

ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር ዝዳሎ ዓምዲ - ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/08371501- ቁ.ሳ.ፖ 1048 (ለይ-ኣውት- ፋጥማ እስማዒል/ ሶፍያ ፍቓዱ)

ሽባብ

ሃማመተኤ

**ሕቶ ሽባብ** ሃ.ግ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቒምቲ ናይ’ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ “ሕቶ ሽባብ” እምበኣር ንገለ ካብ’ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ “ሆት ላይን” ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ምቍራጽ ክሲ

“ወይ ሰላም ግበሩ ወይ ገዛይ ግደፉለይ ኢለ ክዓርቆም እንተ በልኩ ናባይ ተገምጢሎም።”



ኣማኻሪ፤ ሄለው፡ ናብ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ደዊልኩም ኣለኹም።

ደዋሊት፤ ሄለው ከመይ ውዒልካ?

ኣማኻሪ፤ መስገኖ፣ ከመይ ውዒልኪ? መን ክብል ካበይ ትድውሊ ኣለኺ?

ደዋሊት፤ ፋና እብሃል። ካብ ከተማ ኣስመራ’የ ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪ፤ ሕራይ ፋና፡ ናብ ጉዳይኪዶ ክንኣቱ?

ደዋሊት፤ ኣነ ካብ ኣቦይ ብውርሲ ዝረኸብኩዎ ገዛውቲ ኣሎኒ። እቲ ዝበዝሐ ተኻርዩ ዝጸንሐ ኮይኑ፡ ገለኡ ከኣ ኣነ ምስ ሓዳረይን ደቀይን እንብረሉ ኣለኹ። እንተኾነ፡ ምስ ተኻረይቲ ክንሰማማዕ ኣይከኣልናን። ቀጻሊ ህውከትን ዕግርግርን ኮይኑ። ንህልኽ ኢሎም ከኣ ክፍሊት ክራይ ገዛ ምኽፋል ይኣብዩኒ። ሕጂ ከኣ ተኻሲስና ኣብ ቤት ፍርዲ ኢና ዘለና።

ኣማኻሪ፤ ጠንቂ መባኣሲኹም እንታይ ይኸውን?

ደዋሊ፤ መባኣሲና እዚ’ዩ ክብል’ኳ ቍሩብ የሸግረኒ እንድዩ፡ መንቀሊኡ ግና፡ ኣብ መንጎኦም ብቐረበለይ ርሓቐለይ ዝልዓል ኮይኑ፡ ኣነ ከኣ ከም ኣካራዩት መጠን ንጉዳያቶም ንኽሃድእ ኢለ ይኣትዎ’ሞ፡ እቲ ባእሲ ናባይ ይግልበጥን ምሳይ ይተሃላለኹን ቂም ይሕዙለይን። ኣንታ ጉድ እኮ’የ ረኺበ ዘለኹ!

ኣማኻሪ፤ ኣብ መንጎ ተኻረይቲ ንዝልዓል ባእሲ ንኣኺ ብኣሉታ ዝጸልወኪ እንተ ኮይኑ፡ ስለምንታይ ትሕወሰዮ?

ደዋሊት፤ ኣብ ሓደ ካንሸሎ እንተ ሃሊኻ፡ በቲ ዘጋጥም ዘይምስምማዕ ክትጽሎ ባህርያዊ ይመስለኒ። ብቐንዱ ከኣ ባህልና፡ ንዝተባእሱ ምትዕራቕ እንድዩ፣ ዘተዓርቕ ኣካል ናይቲ ጉዳይ ኮይኑ ክጽሎ ከኣ ንቡር ይመስለኒ። ንኽተዓረቑ ኢለ ከኣ፡ “ሰላም ዘይትገብሩ እንተ ኬንኩም፡ ገዛይ ሕደጉለይ፡” ምባል ከኣ ይተርፍዶ ኢልካዮ።

ኣማኻሪ፤ ሓቕኺ ፋና። እሞ ሕጂ እንታይ ኢኺ ክትሓቲ ደሊኺ ዘለኺ?

ደዋሊት፤ ሕጂ ድኣ፡ ምስ ክልተ ተኻረይቲ ኣብ ቤት ፍርዲ ተኻሲስና ኣለና። መንቀሊ ክስና ከምዚ ክነግረካ ዝጸናሕኩ ኮይኑ፡ ንመባእስቶም ዝደገፍኩ ኮይኑ ተሰሚዑዎም፡ ከሕርቑኒ ክብሉ ክፍሊት ክራይ ኣገዛ ኣቋሪጾም። ኣነ ከኣ ውንዙፍ ክራይ ክፈሉም ገዛይ ክሓድጉለይ ከሲሰዮም። ኣብ 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ክረትያም ከለኹ፡ ናብ ቤት ፍርዲ ዞባ ይግባይ ብምባል ንከራኸር ኣለና። ንኣይ እዚ ክርክር ኣዲኩሙኒ’ዩ። ኣብዚ ግዜ’ዚ ከኣ ተኻረይቲ ካብ ዝሓዙዎ ገዛ ክይለቁ ዝብል መምርሒ ወጺኡ ይብሃል ስለ ዘሎ፡ ስነይ ነኺሰ ከይማጎት ሞራል ኣይረኸብኩን። ቤት ፍርዲ’ውን “ብዕርቂ ዘይተደቅሱዎ” እናበለ ቀጻሊ ይምዕደናን ይመኽረናን ኣሎ። በዚ ኵሉ ምኽንያታት ከኣ፡ ኣነ ነቲ ክሲ ከቋርጾ’ሞ ምስ ተኻረይተይ ብስምምዕ ጉዳይና ከዕርፎ ደልየ። እንተኾነ፡ ከምዚ ይክኣል ድዩ ኣይክኣልን ክፈልጥ’የ ደልየ።

ኣማኻሪ፤ ጽቡቕ ፋና። ጉዳይኩም ንምልቃቕ ገዛ ኮይኑ፡ ሲቪላዊ ጉዳይ’ዩ ዝብሃል። ብድንጋገታት ሲቪላዊ ስርዓት ከኣ’ዩ ዝካየድ። ኣብ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓትና ከኣ፡ ሰብ ጉዳይ ብዕርቅን ሕድገትን ጉዳዮም ከዕርፉዎ ከም ዝኽእሉ መሰል ሂቡዎም’ዩ።

ደዋሊት፤ ጽቡቕ፡ ከመይ ንገብር ማለት እዩ?

ኣማኻሪ፤ ምቍራጽ ክርክር ከምዚ ልዒልና ትንክፍ ዘበልናዮ ብተበግሶ ቤት ፍርዲ ዝነቅል ዕርቅን ሕድገትን ክኸውን ይኽእል’ዩ። ብኣንጻሩ ከኣ፡ ካብ ድፍኢትን ፍቓድን ቤት ፍርዲ ወጻኢ ዝኾነሉ’ውን ኣሎ።

ደዋሊት፤ ከምቲ ኣቕዲመ ዝገለጽኩዎ፡ ቤት ፍርዲ ቀጻሊ ዘይትዕረቑ እናበለ’ዩ፡ ዝግስጸና። ብድፍኢት ቤት ፍርዲ ዝግበር ዕርቅን ሕድገትን ከመይ ክኸውን ከም ዝኽእል ግና ኣይፈለጥኩዎን’ሞ ክትገልጸለይዶ?

ኣማኻሪ፤ እዚ ዓይነት ምቍራጽ ክሲ፡ ኣብ ውሽጢ መጋባእያ ክኸውን ይኽእል ካብ መጋባእያ ወጻኢ’ውን ክኸውን ይኽእል’ዩ። ኣብዚ ብተበግሶ ቤት ፍርዲ ወይ’ውን ብተበግሶ ሰብ ጉዳይ ክነቅል ይኽእል’ዩ። ቤት ፍርዲ ኣብ ከምዚ ጉዳያት፡ ዕርቅን ሕድገትን ክግበረሎም ዝግብኦም ነጥብታት ኣነጺሩ፡ ንሰብ ጉዳይ ከረድእን መምርሒ ክህብን ስልጣን ኣሎዎ። ኣብዝን ኣብዝን ነጥብታት ክትሰማምዑን ሕድገታት ክትገብሩን ብማለት ኣፍደገ ዕርቂ የርሕወሎም። ባዕሎም ዘበግሱዎ ምስ ዝኸውን ድማ፡ ናብ ቤት ፍርዲ ብዕርቅን ሕድገትን ጉዳዮም ከቋርጹዎ ከም ዝደለዩ የመልክቱ’ሞ፡ ቤት ፍርዲ ከኣ ሓበሬታን መምርሕን ብምሃብ፡ ንመፈጸምታ ናይቲ ጉዳይ ደፋኢ ሓይሊ ይውስኸሉ።

ደዋሊ፤ ኣብ ከምዚ ኵነታት፡ ቤት ፍርዲ እንታይ ነጥብታት ክልዕል ይኽእል?

ኣማኻሪ፤ ሕቶኺ ንትሕዝቶ ዕርቂ ወይ ሕድገት ዝምልከት ኮይኑ ይስምዓኒ። ሲቪላዊ ሕግና ኣነጺሩዎ ከም ዘሎ ከኣ ብቐንዱ ነቲ ዝፈላልየኩም ዘሎ መከራኸሪ ነጥቢ ዝምልከት እትበጽሕዎ ስምምዕ ክኸውን እንከሎ፡ ክሳዕ ጐድናዊ ነጥብታት ተባሂሎም ዝጽውዑ ነጥብታት’ውን ክትሰማምዑ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ጉዳይኩም እትው ኢልና ምስ እንምልከቶ፡ ተኻረይቲ ካብ ገዛኺ ይውጽኡልኪዶ ኣይውጽኡልኪ ቀንዲ መከራኸሪ ነጥቢ ኮይኑ፡ ንኽፍሊት ክራይ ገዛ ብዝምልከት ከኣ መኣስን ክንደይን ብኸመይን ይኸፍሉኺ ክትረዳድኡ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብቶም ጐድናዊ ነጥብታት ተባሂሎም ዝግለጹ ከኣ ከም ንቤት ፍርዲ ዝተኸፍለ መዳነዪ ገንዘብ መን ይኽፈሎ፡ ክሲ ክምስረት ንመጸሓሓፍን ምኽርን ዝተኸፍለ ወጻኢታት መን ንመን የሕውዮ፡ ኣፈጻጽም ብዝምልከትከ መኣስን ብኸመይ ይኸውን ዝብሉ ኣገደስቲ ስምምዓት ክብጻሕ ይከኣል።

ደዋሊት፤ እዚ ስምምዕ ግድን ድዩ ብጽሑፍ ክኸውን ዘሎዎ?

ኣማኻሪ፤ ሲቪላዊ ስርዓተ ሕግና ከም ዝገልጾ፡ እዚ ስምምዕ’ዚ ኣብ ጽሑፍ’ዩ ክሰፍር ዘሎዎ። ተሰማማዕቲ ወገናት ከኣ ክታሞም የንብሩሉ። እዚ ምስ ዘይፍጸም፡ ናይ ምጥልላም ኣጋጣሚ ክህሉ ስለ ዝኽእል፡ ተባሂሉ ዝተነብረ’ዩ።

ደዋሊት፤ ንሕና ተሰማሚዕና ንበል፡ ስምምዕና’ውን ኣብ ጽሑፍ ኣስፊርና ተፈራሪምናሉ። ብድሕሪ’ዚ እንታይ ኢና ንገብር?

ኣማኻሪ፤ እቲ ስምምዕ ብድርኺት ቤት ፍርዲ እንተ ኮይኑ፡ ስምምዕኩም ናብ ቤት ፍርዲ ኣብ ቈጸራኹም ተቐርቡዎ። ቤት ፍርዲ ከኣ፡ ትሕዝቶ ዕርቅኹም ወይ ሕድገትኩም፡ ንሕጊ፡ ሞራልን ባህልን ሕብረተሰብ ዝጻረር ከይከውን ይምርምሮ። ብኹሉ መዳይ ቅቡል ኮይኑ እንተ ተሰሚዑዎ ከኣ፡ ኣብ መዝገብ የእቱዎ።

ደዋሊት፤ የእቱዎ ክብሃል ከሎ፡ እንታይ ማለት’ዩ?

ኣማኻሪ፤ ትከታተልኒ ምህላውኪ ኣድንቐኪ። ቤት ፍርዲ ንሰነድ ዕርቅኹም ኣብ መዝገብ ኣእትዩዎ ክብሃል እንከሎ፡ ኣብቲ ናይ ክርክር መዝገብ ከም ሰነድ ተቐቢሉ፡ ዕለቱን ሓጺር ትሕዝቶኡን ጠቒሱ፡ ኣብ ፋይል ይኣስሮ ማለት’ዩ።

ደዋሊት፤ ሽዑ ውሳነ ኮይኑ፡ ክርክርና ተዓጽዩ ማለት ድዩ?

ኣማኻሪ፤ ኣይፋሉን፡ ቤት ፍርዲ ካባኹም ዝጽበዮ ምልክታ ኣሎ። እቲ ስምምዕኩም ከም ውሳኔ ቤት ፍርዲ ኮይኑ ክወጸልኩም እንተ ደሊኹም፡ ብስምምዕና መሰረት ውሳነ ይወሃበና ብምባል ከተመልክቱ ኣሎኩም። ምልክታኹም፡ ተቐቢሉ ከኣ፡ ቤት ፍርዲ ነቲ ትሕዝቶ ስምምዕኩም መሰረት ገይሩ፡ ውሳነኡ ይህብ። እዚ ከኣ ከም ኵሉ ዓይነት ውሳነታት ቤት ፍርዲ ብምኳን ይስነድ ማለት’ዩ። ምናልባሽ፡ ከም ዝተሰማማዕኩም ጥራሕ ክምዝግበልኩም እንተ ደሊኹም ከኣ፡ ስምምዕኩም መዝጊቡ፡ መዝገብ ዓጽዩ የፋንወኩም።

ደዋሊት፤ ካብ ቤት ፍርዲ ወጻኢ እንተ ተሰማሚዕናኸ፡ እንታይ ኢና ንገብር?

ኣማኻሪ፤ ካብ ቤት ፍርዲ ወጻኢ ተሰማሚዕኩም እንተ ኬንኩም፡ ናብ ቤት ፍርዲ መዝገብ ብዕርቂ ተዓጽዩ ክርክርና ከነቋርጽ ክፍቀደልና ዝብል ምልክታ ተቕርቡ። ቤት ፍርዲ ከኣ ትሕዝቶ ዕርቅኹምን ምልክታኹም ተመልኪቱ፡ ሕጋዊ ኮይኑ ምስ ዝረኽቦ፡ ብፍቓድኩም ክርክር ኣቃሪጽኩም ምህላውኩም ድሕሪ ምምልካት፡ መዝገብ ክዕጾ ይፈቕደልኩም።

ደዋሊት፤ ንምፍጻም ከመይ ይኸውን?

ኣማኻሪ፤ ከምቲ ኣቐዲምና ዝገለጽናዮ፡ ኣብቲ እትገብሩዎ ስምምዕ ብኸመይን መኣስን ይፍጸም ክትገልጹዎ ኢኹም። ከም ስምምዕኩም ሓደኹም ኣብ ግዜኡን ሰዓቱን ምስ ዘየፈጽም ግና፡ ናብ ቤት ፍርዲ ናይ ኣፈጻጽም መዝገብ ኣኽፊትኩም፡ ክፍጸመልኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

ደዋሊት፤ ጉዳይና ኣብ ይግባይ ከም ዘሎ ነጊረካ’የ። ናበየናይ ቤት ፍርዲ ኢና ክንሓትት?

ኣማኻሪ፤ ሲቪላዊ ስርዓተ ሕግና ከም ዘረድኦ፡ ኣፈጻጽም ናብቲ ብቐዳማይ ደረጃ ጉዳይ ዝርኣየ ቤት ፍርዲ’ዩ ዝምለስ። ኣብ ይግባይ ደረጃ ብውሳነ ይኹን ብዕርቂ ምስ ዝውዳእ፡ ንኣፈጻጽም ናብቲ ታሕተዋይ ቤት ፍርዲ’ዩ ዝምራሕ።

ደዋሊት፤ የቐንየለይ፡ ብዙሕ ሓበሬታ ሂብካኒ፡ ሰላም መዓልቲ።

ኣማኻሪ፤ ገንዘብኪ ፋና። እዚ ኣገልግሎት ንኣኹም ተባሂሉ ስለ ዝተኸፍተ፡ ዝኾነ ዘሎኪ ሕቶ ከተቕርቢ መሰመርና ክፉት’ዩ። ስለ ምድዋልኪ ከኣ ደጊመ ኣመስግነኪ።

## ኣነቓቓሒ ጥቕሲታት

### ክልተ ተኻሉ

ሓደ እዋን፡ ንወዲ ጓሉ ልቦና ከስንቖ ዝሓሰበ ኣቦ፡ ንወዲ ጓሉ ጸዊዑ ምስኡ ኮፍ ክብል ዓደሞ።

“ኣቦይ ድሓን ዲኻ? እንታይ ኢኻ ደሊኻኒ?” ሓተተ ተሃንጥዩ።

“ሓደ ዘሕስበኒ ዘሎ ነገር ክነግረካ ደልየ።”

“ጽቡቕ ሕራይ ንገረኒ፡” መለሰ ንዓሚቝ ዕላል ኣቦሓጎኡ ብኣተኩሮ ክሰምዕ እናተደላወ።

“ኣብ ውሽጠይ ክልተ ተኻሉ ዘሎውኒ ኰይኑ ይስመዓኒ ኣሎ፡” በለ ኣቦሓጎ።

“ክልተ ተኻሉ?”

“እወ ክልተ ተኻሉ። እቲ ሓደ ተኾላ ቂመኛ፡ ሓራቕ፡ ተጓራፋጢን እዩ፣ እቲ ሓደ ኸኣ ፈቃርን ሕያዋይን እዩ።”

“እሞ ኣይናይ ክስዕር ኢኻ ትደልዮ፡” ክብል ሓተተ እቲ መንእሰይ።

“እቲ ዝያዳ ዝቐለብኩዎ፡” ክብል መለሰ ኣቦሓጎኡ።

ሱራፌል ተ.
inspirationalstories.com

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

መሓሪ እምሃጸየን ተኽሉ፡ ስም ኣደይ ኣረጋሽ ሃብተሚካኤል ኪዳ ምባል ተሪፉ፡ ኣረጋሽ ሃብተሚካኤል ተወልደብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ወ/ሮ ሃይማኖት ወልደገርግሽ ኣብድ፡ ብዓል ቤተይ ከሰተ ሰዩም ወልደሚካኤል ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ከሰሲት ደርግኣለም ገብረስላሴ ኣሰገዶም፡ ተኸሳሲ ኣቶ የውሃንስ መብራህቱ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ፍለጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ዛፉ ተኸስተ ሞባዘ፡ ኣዴና ሓዳስ ባህታ ጋርዛ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይን 3 ተተኻእትን ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኤደን ጸጋዬ ጌታሁን፡ ኣደይ ጽጌት ጺጋይ ገብረዝጊ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

መኸሰበ ጎይትኦም ክፍለ ምባል ተሪፉ፡ ኣማን ጎይትኦም ክፍለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ግምጃ ካሕሳይ ገብረስላሴ፡ ጓል ሓትናይ ሓረት ገብረእግዚኣብሄር ገብረሂወት ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ወራሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ሚካኤል መብራህቱ በርሀ፡ ኣቦይ መብራህቱ በርሀ ወልደኪዳን ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ግደይ ደስታ ምሕረትኣብ፡ ብዓልቲ ቤተይ ለተብርሃን ተኸስተ መሃዝል ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

የማነ ተኪኤ በየነ፡ ኣሕዋተይ በየነ ተኪኤ በየነ ስለዝዓረፈ፡ መብራህቱ ተኪኤ በየነ ስለዝዓረፈ፡ ሓዳር ይኹን ሓድጊ ስለ ዘይብሎም፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሄለን ዑቕባይ ናይዝጊ፡ ኣቦይ ዑቕባይ ናይዝጊ ተስፋሚካኤል ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ተጸዋዒ ተኸስተ ኣስመላሽ ተኽለሰንበት፡ ብኣመልካቲት ትዕግስቲ ኪዳነ ረድኢ፡ ጉዳይ ሓዳር ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ፍለጥ።

ሄርሞን ኣሮን ወልደስላሴ፡ ኣቦይ ኣሮን ወልደስላሴ ተስፋሚካኤልን ኣደይ ኣፎምያ ወልደገርግሽ ሰዋልን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ 1ተተካኢ ወዲ ሓፍተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ማዕበል ፍጹም ገብረእግዚኣብሄር፡ ዓባይና ንግስቲ ተዓገስ ተስፋዝጊ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ንወላዲና ተኪእና ምስ 1ሓወቦን 2 ኣሞታተይን ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቃ እምባደርሆ

ሚካኤል ታረቀ፡ ኣቦይ ታረቀ ገብረማርያም ስለዝዓረፈ፡ ንኣደይ ሕርይቲ ምሳሽ ናይ መጻምዲ ማሰላ ይተሓለወላ፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ድማ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ብርሃ ቀሊታ ሃንስ ምባል ተሪፉ፡ ብርሃ ተኽለ ገብረስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ራሄዋ ሃፍተማርያም፡ ኣቦይ ሃፍተማርያም ወልዱን ኣደይ ርሻን በጸሀ ዘርግሸን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ዳኒኤል ዓንደርግስ ወለ ምባል ተሪፉ፡ ዳኒኤል ተኽለ ገብረእየሱስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ውዳስ ሰለሙን እምኑ፡ ብዓል ቤተይ ገብረኣብ ሃይለ ኣውዓለም ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ታደሰ ርእሶም በየነ፡ ኣዴና ሰበ መብራህቱ ወልደሃይማኖት ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣቶ ፋኑኤል ምሕረትኣብ ባህታ፡ ደቂ ኣሞይ ፍ/ርሻን ባህታ ዝኾኑ፡ 1.ኤፍሬም መኮንን ተስፋይ 2. ዳኒኤል መኮንን ተስፋይ 3. ኤልሳ መኮንን ተስፋይን ኣቦኦምን ኣዲኦምን መውትቲ ስለ ዝኾኑ፡ ጠፊኦም ምኳኖም ይተኣወጀልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ማጆር ሃይለ ረድሀይ፡ ተኸሳሲት ሰለማዊት ኣማኒኤል ገብረመድህን፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምኳኑ ፍለጢ።

ሳይሞን ሚካኤል ተስፋት ምባል ተሪፉ፡ ሳሞኤል ሚካኤል ተኽሊት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ዘውዲ ግደይ ኣስፋው፡ ወደይ የናስ መልኣከ ኣርኣያ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 1 ጓሉ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣራም ጉዕሽ ምባል ተሪፉ፡ ሰም ጉዕሽ ኣርኣያ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ካቤል ተስፋኣለም ተኽለ ምባል ተሪፉ፡ ሂብል ተስፋኣለም ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሰረት ኣብራሃም በርሀ ምባል ተሪፉ፡ ሚልዮን ኣብራሃም በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኤፍሬም ኣብራሃም በርሀ ምባል ተሪፉ፡ የሴፍ ኣብራሃም በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፍናን ደሳለ ምሕረትኣብ ምባል ተሪፉ፡ ፋኒኤል ደሳለ ምሕረትኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሂብል ዑቕቢት ተስፋስላሴ ምባል ተሪፉ፡ ፊሊሞን ዑቕቢት ተስፋስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣብ ኣስመራ ዞባ 6 ምም/03 ጎደና ማይ ኣፍራሽ ቁ.ገዛ 117 ቁሎታ 8 ፓርስል G ስፍሓቱ፡ 100 ት/ሜ ዝኾነ፡ ገዛ ብዮዝያዊ ምስክር ወረቐት 117450 ብመወከሲ ቁ. 109720 ዝርከብ፡ ብውርሲ ናብ ስምና ክትመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓኢታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጅናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ክፍጸመልና ምኳኑ ንሕብር።

መድሃኔ ጎይትኦም ኣብርሃ

---

## ሓራጅ

ኣብ መንኩ ብፍ/በ//ማሳል ወረ/ፍ ዓብዱራሕማን ዓሊ ሳልም፡ ብፍ/በ/ዕዳ ትካል ሞሊኖ ዲ/ምርካቶ ሓ/ዝ/ብ/ማ ኣብ ዝበረ ናይ ገንዘብ ክርክር፡ ብፍ/ብ/ዕዳ ዝተወሰኖም ገንዘብ ክኸፍሉ ፍቓደኛ ስለዘይኮኑ፡ 1ይ ደ/ቤ/ፍርዲ ኣስመራ ከባቢ ዕዳጋእኽሊ ንብረት ብበ/ዕዳ ተሸይጡ መኽፈሊ ዕዳ ይኹን ክብል ብዕለት 29/07/25 ቁ/መዝ 1803/24 ስለ ዝኣዘዘ፡ ንብረት ከም ትእዛዝ መሰረት ተገሚቱ ብሓራጅ ንምሻጥ ናቕፋ 627.000 (ሽዱሽተ ሚእትን ዕስራን ሸውዓተን ሽሕ) ተገሚቱ ዝርዝር ንብረት፦

1. (መጥሓን) መዲድ ቦኽራ ዝሰራሕ ዳፊረንሳለ ——— ዋጋ 70,000 ናቕፋ
2. መጥሓን መዲድ ቦኽራ ዝሰርሕ ዳፊረንሳለ ——— ዋጋ 65,000 ናቕፋ
3. መጥሓን መዲድ ቦኽራ ቭካቢ ——— ዋጋ 80,000 ናቕፋ
4. መጥሓን መዲድ ደው ዝበለ 4 ሓብX30,000——— ዋጋ 120,000 ናቕፋ
5. ናይ መዲድ ቻሲ ፓዝሜንቶ ጥራይ ——— ዋጋ 20,000 ናቕፋ
6. መጥሓን ጥረምረ ሚሊኖ ማርቴሎ 2X35.000——— ዋጋ 70,000 ናቕፋ
7. ጸጸይቲ ባልደንጓ ዓተርን ብርስንን ዝሰርሓ 2X30.000——— ዋጋ 60,000 ናቕፋ
8. ነፋይቲ ባልደንጓን ዓተርን ብርስንን ዝሰርሓ 2X20,000——— ዋጋ 40,000 ናቕፋ
9. ነፋይቲ እኽሊ ዝሰርሓ 2 ሓብ X20,000——— ዋጋ 40,000 ናቕፋ
10. ነፋይቲ እኽሊ ደው ዝበለት ——— ዋጋ 10,000 ናቕፋ
11. ሚዛን ዓብዩ ትሰርሕ 2X10,000——— ዋጋ 20,000 ናቕፋ
12. መልሓሚ ሳልዳትሪቺ ዋጋ 5,000 ናቕፋ
13. ኮምፕረሶረ ——— ዋጋ 5,000 ናቕፋ
14. ደው ዝበለ ሞተር ዓበይቲ 2X5,000——— ዋጋ 10,000 ናቕፋ
15. ደው ዝበለ ሞተር ንኣሽቱ 2X2,500 ——— ዋጋ 5,000 ናቕፋ
16. ካቫሉቲ መቐበሊ መዲድ ——— ዋጋ 1,000 ናቕፋ
17. ካቫሉቲ መቐበሊ እኽሊ ገረወኛ 4X250 ——— ዋጋ 1,000 ናቕፋ
18. ሞተር ደፈረንሲያለ ዓቢ 34 ደው ዝበለ ——— ዋጋ 5,000 ናቕፋ

ስለዚ ኣብዚ ዝግበር ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ፡ ቅድሚ ዕለት ሓራጅ ዘሎ ሓሙሽተ (5) መዓልታት ጀሚሩ ናይ'ቲ ክወዳደረሉ ዝረቖሖ መጠን ገንዘብ ብዘተዓሸገ ስታራት ኣብ ቤት ጽሕፈት ፈጻሚ ፍርዲ ቁ.62 ኣብ ዝተዳለወ ሰጹው ሳንዱቕ ኣታዊ ይገብር። ብዘወሳኺ፡ ኣብ ዕለተ ሓራጅ ናይ'ቲ ዝተዋህበ ግምት 1/4 ብስም ፈ/ፍርዲ CPO ኣሰሪሑ ወይ ናይ ባንክ ተጠራቃሚ ሕሳብ ባዕሉ ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ሒዙ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል። ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይኣቕሪቡ ሓራጅ ኣየቋርጽን።

ዕለት ሓራጅ ———27/01/2026
ሰዓት ዓራጅ ———4፡00 ድ/ቀትሪ
ቦታ ሓራጅ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣስመራ ገበን መጋባእያ ቁ/27
ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/65 መጺኡ ክወከስ ይኽእል። ከምኡ'ውን ንብረት ክርኢ ዝደሊ ኣብ ከባቢ ዕዳጋ እኽሊ ጎደና ባረንቱ ቁ/ገዛ 29 እንዳ ጠሓኒት ሞሊኖ ዲ/ማርካቶ ኣሉ ብምኻድ ክዕዘብ ይኽእል።

ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ሸሪዓ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲት ኑርያ ከሰተ ሃብተ፡ ተኸሳሲ ዓብደልቓድር ኣሕመድ ዓብደላ፡ ብዒልቲ ቤትካ ክሲ ማስረታትልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ንሕብር፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ይከኣሎ ኪዳነማርያም ተኽለ ምባል ተሪፉ፡ ናህም ኪዳነማርያም ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

መድሃኔ ዓንደም ተኽለ ምባል ተሪፉ፡ መድሃኔ ዓንደብርሃን ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሪሞን መብራህቶምን ሳይሞን መብራህቶምን ምባል ተሪፉ፡ ሳሚኤል መብራህቶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ወይኒ መለስ ሃይሉ፡ ብዓል ቤተይ ሓይልየሱስ ገብረመድህን ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቂቕና ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጾሮና

ት/ዕድመ ሰናዶስ ሙሉእብርሃን ተስፋገርግሽ ምባል ተሪፉ፡ ሰዉድ ሙሉእብርሃን ተስፋገርግሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ከሰተ ኣብርሃ ገብረማስቀል ምባል ተሪፉ፡ ተኸስተ ኣብርሃ ገብረማስቀል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላበርዕድ

መሓመድ ሰዒድ ኢብራሂም ሳልም ምባል ተሪፉ፡ ሰዒድ ኢብራሂም ሳልም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ኣቶ ሃብተ ገብረትንሳኤ ቀላቲ፡ ወለድና ገብረትንሳኤ ቀላቲ ሃብተጽዮንን ትብርህ ግርማጽዮን ጓንጉልን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ሕረት ሳህለ መንግስቱ ምባል ተሪፉ፡ ሕርይቲ ሳህለ መንግስቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ፋብሪካ ጸባ ኣስመራ ብ/ማ/ ብዕለት 18/3/2023 ኣብ ዘካየድዎ ሰሩዕ ኣኼባ፡ ዝስዕቡ ኣባላት ቦርድ ዳይረክተራት ን3 ዓመት ካብ 18/3/2023 ክሳብ 17/03/2026 ከገልግሉ ተመሪጾም፡፡

1.1ኣቶ የውሃንስ ወልደማርያም ኣቦ መንበር
1.2 ቀሺ ኣማኑኤል ተስፋይ ጸሓፊ
1.3 ኣቶ ተስፋይ በርሀ ኣባል
1.4 ኣቶ ሚኤኤል ኣብርሃ ኣባል

ወ/ሮ ኣሶማይት ገብረእግዚኣብሄር ኣርኣያ፡ ኣቦይ ገብረእግዚኣብሄር ኣርኣያ ተስፋገርግሽ ስለዝዋረፈ፡ ኣብ ቀዋምን ተንቀሳቓሽን ሃብትን ንብረትን ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣብ ዞባ ማእከል ከባቢ ማይተመናይ ፕሎት AST00007923-68 ዚፕ ኮድ 1A149 ፓርሰል ASP00038862-M ጎደና 149-19 ቁ.ገዛ 70 ዝርከብ፡ ኣብ ቤ/ጽ/ካዳስተር ብመለለዪ ቁ.ንብረት 1:002991 ብስም ይስሓቅ ተወልደ ግርሙ ናይ ዝተመዝገበ ኦርጂናል ምስክር ዋንነት ገዛ (ሊብሬቶ) ስለዝጠፈኣኒ፡ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሒዝዎ ዝበል እንተልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቑጽሪ ቴሌፎን 07231021 ክሕብረኒ፣ እንተዘይሒቡ፡ መተካእታኡ ክወሃበኒ ምዃነይ እሕብር፡፡

ይስሓቅ ተወልደ ግርሙ

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ጥንዳ 1A192 ጎደና ዓንዳል ቁ. ገዛ 10 ቁ ፓርሰል /ዞን ASP 00026117 ፓርሰል F ፕሎት 3 ስፍሓት መሬት 500 ት/ሜ 4 ቀንዲ ክፍልታት 3 ተሓጋጋዚ ክፍልታት ዝተደኮነ፣ ብስም 1.ሰልቫና ካዚ ጆቫኒ 2.ጆቫኒ ካዚ ጆቫኒ 3.ኤማሪን ካዚ ጆቫኒ ዝተመዝገበ፡ ሓብትና ሰልቫና ካዚ ጆቫኒ ስለዝዋረፈት፡ ብውርሲ ናብ ስም ክልቴና ክሰጋገር ስለ ዝኾነና፣ ዝቃወም እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉሉ እንተነይሩ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስትራልን ቤት ጽሕፈት ኖታሪን ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘለና ኦርጂናል ሰነዳት ጉዳይና ክንውድእ ምዃንና ንሕብር፡፡

1.ጆቫኒ ካዚ ጆቫኒ
2.ኤማሪን ካዚ ጆቫኒ





ሬድሲ ቦትለርስ ሼር ካምፓኒ
(ኮካ-ኮላ)




ሬድ ሲ ቦትለርስ ሼር ካምፓኒ (ኮካ-ኮላ) ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ ርሑስ በዓል ልደትን ሓድሽ ዓመትን ይግበረልና ይብል፡፡

ሬድሲ ቦትለርስ ሼር ካምፓኒ
(ኮካ-ኮላ)



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# እቲ መርማሪ ቈልዓ

## መበል 24 ክፋል

“ሕራይ እንተ ዘይኣሚንካ”፣ ኣብ ካኪ ሓቢእዎ ዝጸንሐ እታ ‘ስርቂ ሕማቕ ልምዲ’ እትብል ጽሑፍ ዝሓዘት ጥራዝ ኣቐበሎ።

ሰመረ፡ ነታ ዝተቐበላ ካኪ ከፊቱ ፈተሻ፣ ኣብ ውሽጢ እቲ ካኪ ዝጸንሐ ጽሑፍ፡ ናቱ ምዃኑ ኣረጋገጸ። ንሳይሞን ቀሊሕ ኢሉ ጠመቶ። መሊሱ ከይተዛረበ ነቲ ወረቐት ፈተሾ። ብትሕቲት ድምጺ ኸኣ፡

“ናይ ብሓቂ ንስኻ ቈፃሕ ኢኻ!?” ሓድሽ ስምዒት ንኑብሱ ወረሮ። ኑብሱ እናተቛጻጸረ ኣተኩሩ ጠመቶ።

“እወ ኣነ እየ። እዚ ድማ እቲ እትጽሕፈለይ ዝነበርካ ደብዳበ እዩ” ናይ ሰመረ ኰነታት እናተዓዘበ፡ ነቲ ደብዳበታት ኣቐበሎ።

ሰመረ፡ ነቲ ደብዳበ ተቐቢሉ፡ ቡብሓደ ክፍትሾ



ጀመረ። ዓይኑ ካብቲ ደብዳበ ከይኣለየ፡

“ሳይሞን ናይ ብሓቂ ንስኻ ቈፃሕ ኢኻ? …ክኣምኖ ጸጊሙኒ ኣሎ። ክንድ’ዚ ብልሒ ካበይ መጺኡ? …እዚ ኵሉ ግዜ እናተራኸብና ዋላ ሓደ መዓልቲ ኣይመልቈካን ደዩ? ኣነኸ እንታይ ኮይነ ዘይገመትኩኻ? ግን ከኣ ብኸመይ ክግምተካ እኽእል? ኣእምሮይ ተደፊኑ እዩ ነይሩ! ንስኻ ፍሉይ ፍጥረት ኢኻ! ስድራኻ ብዛዕባይ ይፈልጡ ይኾኑ እዮም ሓቀይ፡” ሰመረ፡ ስድራ ሳይሞን ብዛዕብኡ ይፈልጡ እዮም ዝብል ግምት ኣሕደሩ ነበረ።

“ኖኖ ብዘይካይ ዋላ ሓደ ዝፈልጥ ሰብ የለን። ንኹሉ ብምስጢር እየ ዝገብሮ ነይረ። እዚኣ ድማ ስእልኻ እያ ረኣያ፡” ሳይሞን ብርእሱ ተኣማማንነት፡ ነታ ኣብ ታባለት ዝነበረት ስእሊ ኣርኣዮ።

ሰመረ፡ ናይ ልቡ ሰሓቐ፡ “እዚ እናሰረቕኩ ዝተሰኣልክዎ እዩ። ወይ ኣነ! ስለምንታይከ ዘየእሰርካኒ? ካብዚ ኵሉ ኮለል ንኣይ ምእሳር ኣይምቐለለካን” እታ ኵሉ ግዜ መልሳ ክፈልጣ ዝደለየ ሕቶ ኣስዓበሉ። ስለምንታይ ከም ዘየእሰሮ ኵሉ ግዜ ምስ ኣተሓሳሰቦ እዩ።

“ንኣኻ ምእሳር ደኣ ኣብ ኢደይ እንድዩ ነይሩ። ምናልባት እታ ብሽክለታ እንተ ዘይትመልሳ መእሰርኩኻ። ጸጕሪ ርእስኻ እንተ ዘይትቘርጾ ከማን መእሰርኩኻ፡ ዋላ’ውን ስራሕ እንተ ዘይትጅምር ነይርካ መእሰርኩኻ። ኣነ ግን መጀመርታ ናብ ቅኑዕ መገዲ ክመርሓካ ሓሰብ። ንስኻ ከኣ ነቲ ሓሳባይ ተቐቢልካዮ። ስለዚ፡ ንስኻ’ውን ነፊዕካ ኢኻ። እምበር እንተ ትኣቢ ነይርካ ሕጂ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ምሃለኻ፡” ሳይሞን ንሰመረ ብፍቕሪ ፍሽኽ በሎ።

## ዛንታ

“ዘገርም እዩ! ሕልሚ ኮይኑ ይስመዓኒ ኣሎ? እዚ ኵሉ ብልሕን ሓሳብን ካበይ መጺኡ?” ሰመረ ኣብ ምግራም ከሎ ሓተተ። ኵሉ ዝበሃሃልዎ ዝነበሩ ሓቂ ኮይኑ ይስመዖ ኣይነበረን።

“ከምቲ ኣቐዲመ ዝበልኩኻ መጻሕፍቲ ብብዝሒ ኣንብብ እየ። ተወሳኺ መሃርቲ ፊልምታት ድማ እከታተል እየ። ንስኻ ጠንቀምቀም ምስ በልካ ኢጋጣሚ ኮይኑ ስኢለካ። ከም ዝሓሰብክዎ ድማ ክትደግም መጺእካ። ጽቡቕ ኢጋጣሚ ኮይኑ ኵሉ ዝሓሰብክዎ ሰሪሑ፡” ሳይሞን ንኹሉ ዝሓለፈ እናዘከረ ሰሓቐ።

“እታ መዓልቲ እንቋዕ ተፈጥረት። እታ መዓልቲ እቲኣ ኣነ ሰብ ንክኸውን እያ ተፈጢራ። ካብታ ብሽክለታ ዝለዓልኩላ መዓልቲ ደቒሰ ኣይፈልጥን እየ። ኵሉ ግዜ፡ ኣብ ቀትሪ ይኹን ኣብ ሕልሚ ፖሊስ መጺኦም ክኣስሩኒ ጥራይ እዩ ዝረኣየኒ ነይሩ። ኣምላኽ ግን መምህር ህይወተይ ዝኾነ ሰብ ቀሪቡለይ -ንኣኻ!” ሰመረ ከይተረድኦ ካብ ኣዒንቱ ንብዓት ጸረር በለ። ሓጐሱ ምቍጽጻር ስኣኖ፣ መግለጺ ሓጐሱ ከኣ ንብዑ።

“እዋእ! ሰመረ እንታይ ኴንካ ደኣ ነቢዕካ?” ሳይሞን ሰመረ ክኑብዕ ምስ ረኣየ ናይ ልቡ ደንጸዎ፡ ካብቲ ኣብ ጣውላ ዝነበረ ሶፍት ድማ ኣቐበሎ።

“ተሓጒሰ። ነዛ መዓልቲ ነዊሕ እየ ተጸብየያ። ልዕሊ ኵሉ ነቲ ህይወተይ ዝለወጠ ቈፃሕ ክርእዮ ነዊሕ እየ ተጸቢየ። ብልቢ እየ ዘመስግነካ! ብኸመይከ ቈፃሕ እትብል ስም መሪጽካያ? እታ ስም ኣዝየ እየ ፈትየያ፡” ሰመረ ዓይኑ እናሓበሰ ተዛረበ።

“እንድዒ ዓበይቲ ‘ቈፃሕ በላሕ እንስሳ እያ’ ክብሉ እሰምዕ ነይረ፣ ብኸምኡ እየ ቈፃሕ መሪጸያ፡” ሳይሞን ዝዛረቦ ጠፊእዎ ሰቕ በለ።

“ናይ ብሓቂ ቈፃሕ ኢኻ። ኣብ ንኡስ ዕድመኻ ህይወት ሓደ ዘይረብሕ ሰብ፡ ናብ ሓደ ቅዉም ነገረኛ ሰብ ቀይርካ ኣለኻ። ምስ ዓበኻ እንታይ ክትገብር ከም እትኽእል ንኽግምቶ ይኸብደኒ እዩ” ሰመረ ካብቲ ኮፍ ኢሉሉ ዝነበረ ሳሎን ተንሲኡ፡ ንሳይሞን ሓቝፉ ሰዓሞ። ሳይሞን ኣብ ሕቝፌ ከሎ ከኣ፡

“ቈፃሕ ዓርከይ ሕጂከ እንታይ ተሪፉካ ኣሎ?” ሰመረ ሰሓቐ።

“ኣ፡ ቈፃሕን ንስኻን ብሓደ ኴንና ፒሳ ምብላዕ” ሳይሞን ሰሓቐ።

“ኢጆኻ ደሞዝ ክወሃብ ቀሪብ ስለ ዘለኹ፡ ደሞዝ ምስ ተቐበልኩ ክድውለልካ እየ። ዝረሳዕክዎ ከይመስለካ። ዘኪረዮ ኣለኹ። ብሓባር ፒሳ ክንበልዕ ኢና፡” ሰመረ ኮፍ እናበለ ተዛረበ።

ይቕጽል…

### ሓበሬታ

ዝኸበርኩም ኣንበብቲ ዓምዲ ተርመማ፡ ዛንታ ‘እቲ መርማሪ ቈልዓ’ ክትዛዘም ቀሪባ እያ። ኣብዛ ዛንታ ዘለኩም ርእይቶ፡ ነቐፌታ፡ ሓሳብ - ብቍጽሪ ሞባይል 07190414 ወይ ብሳንዱቕ ጶስጣ 4336 ስደዱልና። ኣዳላዊ ዓምዲ።

# ንሃገረይ ኤርትራ፡ ጽቡቓትን ዓበይትን ገዛውቲ ክሃንጸላ ሕልመይ እዩ።



### ምስ ገዛእ ርእስኻ ኩተላልየና?

ስመይ ኣራም ያቆብ ዳዊት እበሃል። ኣብ ሃገረ ስዊዘርላንድ 3 መጋቢት 2014፡ ካብ ኣቦይ ያቆብ ዳዊት ኣደይ ሰላማዊት ተስፋሂወት ተወሊደ። ኣብ ሽወደን ክሳዕ ካልኣይ ክፍሊ ተማሂረ።

### ወዲ ክንደይ ዓመት ኢኻ ናብ ኤርትራ መጺእካ?

ወዲ ሸውዓተ ዓመት ምስ ኮንኩ፡ ናብ ሃገረይ ኤርትራ መጺአ።

### ሕጂ ኣበይን ክንደይ ክፍልን ትመሃር ኣለኻ፧

ኣብ መባእታ ቤት ትምህርቲ ሳሊና ኣስመራ፡ ተመሃራይ ሓሙሻይ ክፍሊ እየ ዘለኹ።

### ቋንቋ ትግርኛ ብኸመይ መሊኽካዮ?

ናብ ኤርትራ ምስ መጻእኹ ቀልጢፈ ምስ ደቂ ገዛውተይ ተላልየ። ምስ ደቂ ገዛውተይ ብዘይ ዝኾነ ጸገም ክጻወትን ክቀራረብን ጀሚረ። ብኸምዚ ድማ ቋንቋ ትግርኛ ተላሚደ። ኣብ ጽሑፍ ድማ ማማ መጻሕፍቲ ተንብበልና እያ። ኣነ ድማ ተገዲሰ ናይ ትምህርቲ መጻሕፍትን ተወሳኺቲ መጻሕፍትን ከንብብ ጀሚረ። ብኸምዚ ድማ ቀልጢፈ መሊኸዮ። ኣብ ሽወደን ከለኹ ወለደይ ኣብ ገዛ ቋንቋ ትግርኛ የዛርቡና ስለ ዝነበሩ ኣይተሸገርኩን።

### ከምዚ ከማኻ ካብ ደገ ዝመጹ ቀልጢፎም ቋንቋ ትግርኛ ንኽመልኩ እንታይ ትመኽሮም?

እቲ ቀዳማይ ከይተሰከፉ ምስ ዝኾነ ሰብ ክዛረቡ ኣለዎም። ከይጋገዩ እንተ ፈሪሆም ቋንቋ ክመልኩ ኣይክእሉን እዮም። ኣብ መጀመርታ ኵሉ ሰብ ስለ ዝስሕቀካ የሰክፈካ እዩ። ምስ ግዜ ግን ተለማዲ እዩ። ተወሳኺ ድማ ምስ ደቂ ገዛውቶምን ደቂ ቤት ትምህርቶምን ክጻወቱን ክዕልሉን እመኽሮም። ቋንቋ ትግርኛ ተገዲስካ እንተ ተማሂርካዮ ቀሊልን ጥዑምን ቋንቋ እዩ።

መጻሕፍቲ ድማ ከንብቡ እመኽሮም።

### ተመሃሮ ንፉዓት ንክኾኑ እንታይ ክገብሩ ኣለዎም?

ቀዳማይ ነገር ስነ ስርዓት ገይሮም ክመሃሩ ኣለዎም። ዘረባ ወለዶምን መምህራንን ድማ ክሰምዑን ስሚዖም ክተግብሩን ይግባእ። ባህሎም ንኽንፈልጡ ድማ ተገዲሶም ክስተውዕሉ ኣለዎም እብል።

### ምስ ዓበኻ እንታይ ክትከውን እዩ ሕልምኻ?

ኣነ ምስ ዓበኹ እንጂነር ክኸውን እየ ዝሓልም። ትምህርቲ ምስ ወዳእኩ ንሃገረይ ኤርትራ ጽቡቓትን ዓበይትን ገዛውቲ ክሃንጸላ ሕልመይ እዩ። ንሃገረይ ኤርትራ ከምቶን ምዕቡላት ሃገራት ክትከውን ዓቕመይ ከበርኽት እየ። ነዚ ንምብጻሕ ድማ ካብ ሕጂ ኣትሒዘ ኣብ ትምህርተይ ተገዲሰ እመሃር ኣለኹ።

### ከተመስግን ዕድል ክህበካ?

ብመጀመርታ ወለደይ ኣመስግኖም። ብድሕሪኡ ድማ መምህራነይ ኣብቲ መጀመርታ እሸገር ስለ ዝነበርኩ፡ ንዘገበሩለይ ጽቡቕ ኣልያ ብልቢ ኣመስግን።

# ውድድር ስእሊ ንተመሃሮ

ፍቱዋት ተመሃሮ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት 2025፡ ኣብ መንነ ተመሃሮ ውድድር ስእሊ ኣካይድና ምንባርና ይፍለጥ። ሕጂ ኸኣ፡ ንኻልኣይ ግዜ ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት 2026 ኣብ መንጎኹም ናይ ስእሊ ውድድር ከካይድ ስለ ዝኾንና፡ ኢቶም ናይ ስእሊ ክእለት ዘለኩም ክትወዳደሩ ንዕድም።

### ሓበሬታ፡

**ስእሊ፡** ብርሳስ ወይ ብሕብሪ ዝተሳእለ ክኸውን ይኽእል። ዓቐን ስእሊ ኣብ A3 (30 ሴሜ ብ42 ሴሜ) ይኸውን።

ኣብ ስእሊ ብሉጽ ስራሕ ዘቕረቡ ተመሃሮ፡ ናይ መወዳእታ መጻረዪ ኣብ ቅድሚ ተዓዘብቲ ክስእሉ እዮም።

**ደረጃ ተወዳደርቲ ከምዚ ዝስዕብ እዩ፦**

1ይ ጕጅለ፡ ተመሃሮ ቅድመ ትምህርቲ

2ይ ጕጅለ፡ 1ይን 2ይን ክፍሊ

3ይ ጕጅለ፡ 3ይን 4ይን 5ይን ክፍሊ

4ይ ጕጅለ፡ 6ይ፡ 7ይን 8ይን ክፍሊ

5ይ ጕጅለ፡ 9ይ፡ 10ይን 11ን ክፍሊ

ተወዳደርቲ ብኸምዚ ዝስዕብ ኣብ ድሕሪ ስእሊ ኣድራሻ ክጽሕፉ ይግባእ። ኣብ ቅድሚት ስእሊ ዝተጻሕፈ ስም ተቐባልነት የብሉን።

ስም፡__________

ኣርእስቲ ስእሊ፡__________

ክፍሊ፡__________

ቤት ትምህርቲ፡__________

ተለፎን፡__________

ተወዳደርቲ ክሳብ ዕለት 02/01/2026 ስርሓቶም ከረክቡ ይግባእ።

**ምርካብ ስርሓት፡** ቍጽሪ ጶስጣ 4336 ኣስመራ ኤርትራ፡ እቶም ብኣካል ኩተረክቡዎ እትኽሉ ድማ ኣብ ቤት ስእሊ ቺነሉክስ (ኣብ ጐደና ሓርነት ከባቢ ሲነማ ኢምፐሮ ዝርከብ ቤት ስእሊ) እዩ።

መምህራን፡ እዚ ሓበሬታ’ዚ ንተመሃሮ ክበጽሖም እጃምኩም ክትጻወቱ ንላቦ።

### ንዝያዳ ሓበሬታ፡

07190414 ደዊልኩም ክትውከሱ ትኽእሉ። ብዛዕባ እዚ ውድድር፡ ሓበሬታ ብጋዜጣ ክወሃብ ስለ ዝኾነ ተኸታተሉ።

ሰናይ ውድድር!

ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ዓምዲ ተርመማ

# ዞዕባ ሎሚ

# “ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ሰበብ ጂኦ-ፖለቲካ ክልተ-ማያት”

## ንድፌ ‘ስትራተጂ ክልተ-ማያት’፡ ንታሪኻዊ ሕድሕዳዊ ምፍድዳይ!

ኣማኑኤል ዘካርያስ

(4ይ ክፋል)

መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ኑቲ ናይ ፅንደራ ብኡ ኣብልካ ድማ ናይ ምጉብኣል ሃቐነ ህይወት ንምልባሱ፡ ኣብ መፋርቕ 2024 ብስም ‘ንድፌ ስትራተጂ ክልተ ማያት’ ንህዝበን ኣህጉራዊ ማሕበረሰብን ሓዱ መወከሲ ሰነድ ወግዓዊ ገይሩ ይርከብ፡፡ ኣብቲ ሰነድ ሕጋውን ኩነታውን ድርኺታት ሕቶ ኣፍደገ ባሕሪ ኢትዮጵያ ነጥቢ ብነጥቢ ሰፊሩ ኣሎ፡፡ “የሁለት ውሃዎች ዐበይ ስትራቴጂ” (ግዙፍ ስትራተጂ ክልተ-ማያት) ልኡላዊ ዋንነት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ሩባ ኣባይ ንምርግጋጽን ዘይተገደበን ነጻን ወደባዊ ኣገልግሎት ጥሟም ባሕሪ ውሑስ ንምግባርን ተሊሙ ዝቱዓለወ ስትራተጂያዊ ሰነድ ሰልፊ ብልጽግና እዩ፡፡

‘ንድፌ ግዙፍ ስትራተጂ ክልተ ማያት’፡ ኢንስትዩቲት ወጻኢ ዝምድናታት ኢትዮጵያ፡ ኮርፖረሽን ሚድያን መራኸቢታትን ኣዲስ ዋልታን ቤት ንዑብ ኣብረሆትን ብመልክዕ መጽናዕታዊ ትንተና ዘዳለውዎ፡ ኢትዮጵያ ኣብ ማያዊ ፖለቲካ ሩባ ኣባይን ሕቶ ዋንነት ኣፍደገ ባሕርን ክትክተሎ ዝግባእ መርሓን መገድን ዝገልጽ መወከሲ ሰነድ እዩ፡፡ እዚ ስትራተጂያዊ ንድፌ’ዚ ንምድላው ካብ ዝደናፍኡ ረቛሒታት፡ እዋናዊ ሃገራዊ ብድሆታትን ናይ መጻኢ ስግኣታትን ምፍናም ንምምካጽ ተፈቲዩ ኣሎ፡፡ ሃገራዊ ድሕነትን ቀጻልነትን ኢትዮጵያ፡ በዞም ክልተ-ማያት ከም ዝውሰን ብሰፊሑ ተተንቲኑ ንረኽቦ፡፡

እቲ 153 ቁጽሊ ገጻትን ሸዱሽተ ሰሩሕቲ ምዕራፋትን ዘለዎ ንድፌ ‘ግዙፍ ስትራተጂ ክልተ-ማያት’፡ ሩባ ኣባይ፡ ጥሟም ቀይሕ ባሕርን ወሸመጥ ዓደንን ምስ ህዝቢ ኢትዮጵያ ታሪኻዊ፡ ባህላዊ፡ ቁጠባዊ፡ ጂኦ-ፖለቲካውን ዘርኣውን ምትእስሳር እናሃለዎ፡ ብሰንኪ ግዳማዊ ሽርሕታትን ወሸጣዊ ድኻማትን ከም ወጺ ሃገራዊ ኣጀንዳ ቀዳምነት ክወሃቦ ከምዝይጸንሐ ይገልጽ፡፡ ኣብ ኣጠቓቕማ እዞም ክልተ-ማያት ዝጸንሐን ዘሎን ሃገራውን ዓለማውን ኣመለኻኽታ ድማ፡ መሰረታዊ ምስትኽኻል ክግበረሉ እዚ ሰነድ’ዚ ይእምም፡፡ ዓለም ካብ እንኮ ቀጽራዊ ስርዓት ናብ ብዙሕ ቀጽራዊ ስርዓት ኣብ ትሰጋገረሉ ዘላ ህሞት፡ ንኹሉ ጂኦፖለቲካዊ ለውጥታት ቅሩብ ምዃን ከም ዘድሊ፡ እቲ ሰነድ ይእንፍት፡፡ “ብዙሓት ሃገራት ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ዝሀልወን ጽልዋታት ንምሕያል ኣብ ንጡፍ ውድድር እናሃለዋ፡ ካብ ጥሟም ባሕሪ 60 ኪ.ሜ ጥራይ ተፈንቲታ እትርከብ ኢትዮጵያ ኢዳን እግራን ኣጣሚራ ክትርኢ ግቡእ ኣይኮነን” ብምባል ድማ የፈራርሖ፡፡ እዚ ቁጽሪ ኣብ ክንዲ በቲ ሕጋዊ ኣህጉራዊ መስመር፡ ስለምንታይ ብ60 ኪ.ሜ ክውከል ተደልዩ ርእሱ ዝኸኣለ ናይ ምዕባኻሽ ዘሙት እዩ፡፡

እቲ ሰነድ፡ ኢትዮጵያ፡ ተረባሒት ክልተ-ማያት ክትከውን ዝሕግዙ ተፈጥሮኣውን ኣብዑብያውን ምኽንያታት ብዘርዝር ዘቐመጠ እዩ፡፡ ብፍጥነት ዝዓቢ ዘሎ ቁጠባ ኢትዮጵያ ከምኡ’ውን ኣብ ቀረባ ዓመታት ናብ ኣስታት 150 ሚልዮን ክድይብ ትጽበት ዝግበረሉ ብዙሕ ህዝቢ ድማ ከም ወሰንቲ ምኽንያታት የቐምጦም፡፡ ቀይሕ ባሕሪ ብዘለዎ ጂኦግራፊያዊ ዕምቆትን ብዘውንኖ ኣጉዳሲ ማያዊ መስመርን ሓደሽ ዞባዊ ውድብ ንምቛም ጽኑዕ ባይታ ኮይኑ ኣሎ፡፡ ምቹእ ተኽእሎታት እናሃለወ ክንሱ፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ጉዳይ ድኻሙን ድሕረትን ኮይኑ ምጽናሑ ኣተሓሳሰቢ ምኽንያቱ፡ ሕጂውን ማሕበራ-ፖለቲካዊ ሕቶታቱ ግቡእ መልሲ ክረኽቡ እንተኾይኖም ጸጋታት ሩባ ኣባይን ውሑስ ተጠቃምነት ጥሟም ቀይሕ ባሕርን ክረጋገጽ ከምዝግባእ ተገሊጹ ኣሎ፡፡

ኢትዮጵያ ኩሉ መዳያዊ ኣማራጺታት ተጠቒማ ደባታ ክሰብ ባሕሪ ከተሰፍሕ፡ ከምኡ’ውን ሕጋዊ መከራኸሪ ነጥብታት ሃሰው ክትብል እዚ ናይ ፖሊሲ ሰነድ ይላቡ፡ ‘ኣብ 1991 ኤርትራ ናጻ ሃገር ምስ ኮነት፡ ኣብቲ እዋን ብዝተፈጸመ ታሪኻዊ ጌጋ ኢትዮጵያ ጥሟም ባሕሪ ርእያ ስኢናቶ፡ ካልእ’ሲ ይትረፍ እቲ ካብ 1991 ክሳዕ 1998 ዓሰብ ንኢትዮጵያ ናጻ ወደባዊ ኣገልግሎት ክትህብ ዝኹነር ስምምዕ እኳ ክሕሎ ኣይተኻእለን’ ‘ንኣብነት’፡ ‘ኤርትራ ካብ ወላዲት ሃገራ ኢትዮጵያ ምንጻላ ሕጋዊ ፍጻመ ከም ዘይነበረ፡ ከም ዓቢ መከራኸሪ ነጥቢ ክምጉተሉ ዝከኣል እዩ’ ክብል ይገልጽ - እዚ ሰነድ ስትራተጂ ክልተ-ማያት፡፡

ኣብ ስምምዕ ኣልጀርስ እውን እንተኾነ ብዙሕ ጌጋታት ከም እተፈጸመ፡ ኢትዮጵያ ባሕሪ ዘይብላ ሃገር ንምግባራ ዝፈርድ ስምምዕ እናተፈረመ ብሸቕታ ከም እተሓልፈ፡ ኣብቲ እዋን’ቲ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ዝተፈጸመ ተግባር ታሪኻዊ ክሕደት ምዃኑ እውን ተተንቲኑ ኣሎ፡፡ ኣብ ስምምዓት 1900፡ 1902፡ 1908 ምርኩስ ብምግባር ዝተፈረመ ስምምዕ ኣልጀርስ ወዱቕ ምዃኑ፥

1. ጣልያን ኣዝም ስምምዓት’ዚ ፈረሙ ክንሱ ድሕሪ ዝተወሰነ እዋን ንኢትዮጵያ ምውራሩ፥ እዞም ውዕላት ባዕሉ ወዱቓት ከምዝገበርዎም፣
2. ኣብ ኣፍሪቃ ዝበረ መግዛእታዊ ማሰላት ጣልያን፡ ብስምምዕ ዕወታት ሓይልታት ካልኣይ ኩናት ዓለም ዝኾና ሃገራት ኣብ 1947 ምስረዙ፣
3. ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎ ዶብ ንምንጻር ተባሂሉም ዝተፈረሙ ሰለስተ ስምምዓት 1900፡ 1902፡ 1908 ሃጼ ምኒልክ ብጾቕጢ መንግስቲ ጣልያን ዝፈረሞም ምዃኑ… ከም ኣገደስቲ ናይ ምጉት ነጥብታት የቐምጦ፡፡

ኣብ ምዕራፍ ሰለስተ “ንድፌ ግዙፍ ስትራተጂ ክልተ-ማያት”፡ ምስ ኣጠቓቕማ ‘ውሓዚ ማያት’፡ ተኣሳሲሮም ዝተፈረሙ ውዕላትን ሃገራት ዝኽተለኦም ፖለሲታትን ብሰፊሑ ተዘርቢሎም ኣሎ፡፡ ኣብ ኣጠቓቕማ ሩባ ኣባይ ወሰንቲ ክበሃሉ ዝኽእሉ ኣብ 1902፡ 1929፡ 1959 ዝተፈረሙ ዐበይቲም ስምምዓትን መዝክራትን፡ ኢትዮጵያ ንተጠቃምነት ሩባ ኣባይ ብዝምልከት ኣብ እትገብሮ ዝኾነ ዓይነት ልምዓታዊ ንጥፈታት ደራቲ ተራ ከምዝጸንሐም እቲ ሰነድ ይትንትን፡፡ ‘ንኢትዮጵያ ተቐጻጺርካ ምንጪ ፈለግ ኒል ናይ ምምሕዳር ጥሙሕ ‘ታሪኻዊ ሰረት ከምዘለዎ’ ግብጺ ብናታ ብልሓት፡ ኑታ ኣብ ምውህሃል ትሕዝቶ ፈለግ ኒል ብተፈጥሮ ዓቢ ኣስተዋጽኦ እትገብር ኢትዮጵያ ጽብለል ኢላ ነዊሕ ምግዓዙ ሃይማኖታውን ባህላውን ስልትታት ዓቢ ኣበርክቶ ከምዝገበሩ ወሲኹ የጽር፡፡

ንኣጠቓቕማ ፈለግ ኒል ኣመልኪቶም ዝተፈረሙ ስምምዓት፡ ኮነ ኢልካ ንኢትዮጵያ ኣብ ከበባ ንምእታውን ንምንብርካኽ፡ ግብጺ ምንጪ ሩባ ኣባይ ብምቁጽጻር፡ ንብሉል ቀይሕ ባሕሪ ንምግባራ ዝዓለሙ ምንባሮም፡ ኢትዮጵያ በዞም ስምምዓት እዚኦም ክትቅየድ ዘይድድ ሕጋዊ መወከሲ ዘይምህላዉ ከኣ ከም ዓቢ መከራኸሪ ነጥቢ የቐመጥ፡፡ ድሕሪ ምብቃዕ ዝሑል ኩናት ዝተፈረሙ ስምምዓት መብቶላዊ ተብዕሶታት ሃገራት ተፋሰስ ኒል ዘንጸብርቑ ምዃናም እዚ ሰነድ’ዚ ከረድእ ይፍትን፡፡ ኣብዚ ክዝከር ዘለዎ፡ ‘Nile Basin Intitiative 1999’ ማያዊ ፖለቲካ ፈለግ ኒል ዝጸለወን ሃገራት (ኢትዮጵያ፡ ግብጺ፡ ሱዳን፡ ኡጋንዳ፡ ታንዛንያ፡ ኬንያ፡ ብሩንዲ፡ ሩዋንዳን ዲሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎን) ተሓባቢረን ክሰርሓ ተባሂሉ ዝመጽአ ዞባዊ ተበግሶ እዩ፡፡ ኤርትራ’ውን ኣብዚ ተበግሶ



ናይ ተዓዛቢት ቦታ ኣለዋ፡፡

ራብዓይ ምዕራፍ ሰነድ ስትራተጂ ክልተ-ማያት ‘ኢትዮጵያ ንቀይሕ ባሕሪ ቀረባ ሃገር ኣይኮነትን እንታይ ደኣ ናይ ቀይሕባሕሪ ሃገር እያ’ ዝብል ትሕዝቶ ዘለዎ እዩ፡፡ ብውሱን ሓያላት ሃገራት ብሓደት ከለሚዕተራት ክትፍንተት ከም ዝተገብረ ከኣ ይምጉት፡፡ ጠንቂ ኣብ ኢትዮጵያ ዘጋጥም ተደራራቢ ሽግራት፡ ኢትዮጵያ ካብ ቀይሕባሕሪ (ጥሙሑ ክበሃል ዝከኣል) ስለ ዝረሓቐት ምዃኑ፥ ኢትዮጵያ ኣብ ቅልጡፍ ዕቤት ዝርከብ ቁጠባን ሓያል ወተሃደራዊ ዓቕምን እትውንን ክንሳ፥ ቀጥታ ተጠቃሚት ዕድላት ጥሟም ባሕሪ ከይትኸውን ናጽነት ኤርትራ ኣሉታዊ ተራ ምጽዋቱ፥ ደባዊ ምስሕሓብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ንኹሉ ምዕባለታት ናብ ድሕሪት ምጉታቱ፥ ኢትዮጵያ ዓሰብ ርእያ ከም እትሰእና ምግባሩ ተገሊጹ ንረኽቦ፡፡

ብርክት ዝበሉ ንተጠቃምነት ባሕሪ ኣመልኪቶም ዝተነድፉ ኣህጉራውያን ሕግታት፡ ኣብዚ ንድፌ’ዚ ተዘርዚሮም ይርከቡ፡፡ ኣህጉራዊ ‘ሕጊ ባሕሪ’ ንዋንነት ዝምልከት መሰል ዘፍቅድ ትሕዝቶ’ኳ እንተዘይሃለዎ፡ ንናጻ ተጠቃምነት ምስግጋርን ምግዕዓዝን (Freedom of transit) ኣመልኪቱ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ዝወጹ ሕግታት ከምዘለዉ እቲ ንድፌ ስትራተጂ ይገልጽ፡፡ ስለዚ ድማ፡ ኢትዮጵያ ብሕጋዊ መገዲ ተኻሪኻራ ኣፍደገ ባሕሪ ክተውሕሰሉ እትኽእል ኣማራጺታት ከቕርብ ይፍትን፡፡ ወተሃደራዊ ስጉምቲ’ውን ከም ኣማራጺ ተቐሚጡ ኣሎ፡፡ ብተወሳኺ፡ ማዕርነት፡ ሰብኣዊ መሰል፡ ፍትሒ፡ መሰል ንምዕባለን ብልጽግናን ከም ብቑዓት መርሓታት ንዋንነት ኣፍደገ ባሕሪ ክዝረበሎም ተፈቲዩ ኣሎ፡፡ ዋንነት ኣፍደገ ባሕሪ ንምርግጋጽ ዓለምለኻዊ ሕጊ ጥራይ ከም መወከሲ ምውሳድ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝፍጸም ዘሎ ዝዓበየ ጌጋ ምዃኑ፥ ካልእ ኣማራጺ ሃሰው ምባል ይጸናሓሊዩ ዘይብሎ ዕማም ክኸውን ከም ዘድሊ እውን እዚ ንድፌ’ዚ ይላቡ፡፡

እቲ ሰነድ ብተወሳኺ፥ “ኣፍደገ ባሕሪ እንተሎካ ንዓለም ተገልግል፥ ኣፍደገ ባሕሪ እንተ ዘይብልካ ግን ንጉረቤት ኢኻ እትግልገል” ዝብል ሱሙትት ብምልዓል፥ ምውናን ኣፍደገ ባሕሪ ጽልዋታትካ ንምዕባይን ሃገራዊ ሓይልኻ ንምብራኽን ኣጉዳሲ ምዃኑ ይገልጽ፡፡ “ንህላወ ኢትዮጵያ ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ ተጻብኦታት ብኣባይን ቀይሕ ባሕርን ተሳቢቡ ዝመጽእ እዩ፡፡ ምትንኻእን ምውዳቕን ስልጣኔታት፡ ምስ ኣብ ጥሟም ማያዊ ኣፍደገ ዝፍጠር ምዕባለታት ቀጥታዊ ዝኾነ ምትእስሳር ዝበሮ እዩ፡፡ ኣዱሊስ፡ ኣብ እዋን ንግስነት ኣኽሱም ናይ ባህልን ንግድን መናሃርያ ዝበረት ኢያ፡፡ ኣኽሱማውያን፡ ክሳዕ ቀይሕ ባሕሪ ተመጣጢሮም ካብ ርሑቕ ምብራቕ ግብሪ ይእክቡ ነይሮም፡፡” ይብል እሞ እቲ ሰነድ፥ ቀጺሉ ስልጣኔ ኣኽሱም ዝወደቐሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ “ጥሟም ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ትሕቲ ምሉእ ምቁጽጻር ጸላእቲ ሓይልታት ምስ ወደቐ እዩ” ይብል፡፡ ስለዚ፡ “ኢትዮጵያ እተልዕሎ ዘላ ታሪኻዊ ሕቶ ማሰል ምውሓስ ተጠቃምነትን ዋንነትን ኣፍደገ ባሕሪ፡ ጥሟም ባሕሪ ኤርትራን ሶማልን ዘጠቓልል እዩ” ክብል ድማ የሰምረሉ፡፡

“ሰለሙናውያን ካብ ቱርክን ዓረብን ናጻ ዝኾነ ቀይሕ ባሕሪ ንምፍጣር ጸዒሮም እዮም፡፡ ዓረባውያን እውን እንተኾኑ፡ ኢትዮጵያ ምስ ሃገራት ኤውሮጳ ብምትሕብባር ናይ ቀይሕ ባሕሪ ኩሬደር ክትዓጹ ትኽእል እያ ዝብል ስግኣት ነይሩዎም እዩ” ዝበለ እቲ ሰነድ፡ ስለዚ፡ ‘ናይ ኩሎም ሓይልታት ስልቲ ሕድሕድ ዝጸላለዎ፡ ንኢትዮጵያ ካብ ቀይሕ ባሕሪ ናይ ምርሓቕ ጥሙሕ ዝደረኾን’ ምዃኑ ይገልጽ፥ እዚ ሰነድ ስትራተጂ ክልተ-ማያት፡፡

ኣብ ዘመናዊት ኢትዮጵያ ኣቐዲሙ ተደሪቱ ንዘጸንሐ ማሰል ዋንነት ተጠቃምነት ባሕሪ ኢትዮጵያ ናይ ምምላስ ንጥፈታት ብሃጼ ቴድሮስ ከም ዝተበገሰ፡ ሃጼ ቴድሮስ ጽልዋ ቱርካውያንን ግብጻውያንን ንምድራት ምስ እንግሊዝ ጸቢቕ ዕርክነት ማስረቱ ምንባሩ እውን ብሰፊሑ ተገሊጹ ንረኽቦ፡፡ ድሕሪ ሃጼ ቴድሮስ ናብ ስልጣን ዝመጽአ ሃጼ የውሃንስ እዩ፡፡ መትረብ ስዉእ ኣብ እዋን ንግስነት ሃጼ የውሃንስ እዩ ተኻዒቱ፡፡ ሃጼ የውሃንስ ኣብ 1884 ምስ እንግሊዝ ኣብ ዝገበሮ ናይ ኣገልግሎት ባሕሪ ስምምዕ ምሕር ናይ ኣረዳድኣ ድኑትነት ከም ዝበሮ፡ ኣብ ኣተራጉማ ናይቲ ስምምዕ ርእይ ጉድለት ከም ዝተፈጸመን እውን ተንቲኑ ኣሎ፡፡ ሃጼ የውሃንስ፡ free passage’ ዝብል ትርጉም፡ ንመሰል ዋንነት ኣፍደገ ባሕሪ ኣፍልጦ ዝሀብ ገይሩ ክርድኦ እንከሎ፡ ሕቶ ዋንነት ኣፍደገ ባሕሪ ኢትዮጵያ ግና ሓንሳእን ንሓዋሩን በዚ ስምምዕ’ዚ ከም ዝዐጸ ምግባሩ መቐጉበቲ ታሪኽ የረጋግጹ - እዩ ዝብል እቲ ሰነድ፡፡

ሃጼ ምኒልክ እውን እንተኾነ፡ ኢትዮጵያ ወናኒት ኣፍደገ ባሕሪ ክትከውን ሓያል ዲፕሎማሲያዊ ጻዕርታት ኣካይዱ እዩ፡፡ እንተኾነ ግና፡ ኣብ ‘ወደብ ዘይላን ጅቡትን’ ዝያዳ የተኩር ከም ዝበረ ሰነድ ስትራተጂ ክልተ-ማያት ይገልጽ፡፡ ‘ኢትዮጵያ ኣብ ኩናት ዓድዋ ዝተጎናጸፈቶ ወተሃደራዊ ዓወት፡ ኣብ እዋኑ ናብ ፖለቲካዊ ዓወት ዘይምልወጣ ዓቢ ታሪኻዊ ጌጋ እዩ’ ዝብል እዚ ሰነድ’ዚ፥ ሃጼ ምኒልክ ኣብ ልዕሊ ጣልያን ኣደናቒ ዓወት ኣመዝጊቡ ክንሱ፡ ንጣልያን ኣርኪቡ ኣብ ዝበረ ስምምዕ ኣዲስ ኣበባ 1986 ምፍራሙ ናይ ታሪኽ ሕንቅልሕንቅሊተይ ምዃኑ፥ ብሰንኩ ድማ ምንጻል ኤርትራ ዘስዓበ ታሪኻዊ ጌጋ ምፍጻሙ ከረድእ ይፍትን፡፡

ኣብዚ ክፋል’ዚ ዳርጋ ናብ ጸወጸዋይ ዝኸደ ትንታኔታት ኢና እንዕዘብ፡ ንኣብነት፡ ልጅ እያሱ “ሓንቲ መዓልቲ ተሰቒለዮ ዘለኹ ፈረስ ‘ልጅ እያሱ’፡ ኣብራኺ ዓጺፉ ካብ ማይ ቀይሕ ባሕሪ ክስቲ እዩ” ዝበሎ ከም ዓቢ ታሪኻዊ ጭብጢ ተቐጺሩ ኣሎ፡፡ ብኹሉ መለክዒታት ክርአ እንከሎ፡ ሃጼ ሃይለስላሴን ኣብ 40ታት ዝበሩ ካድረታቱን ዋንነት ባሕሪ ንምውሓስ ዝገበርዎ ኣበርክቶ ኣብዚ ንድፌ’ዚ መጽሓረ ረኺቡ ኣሎ፡፡ ሃጼ ሃይለስላሴ ኣብ ምፍራስ ፈደረሽን ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተጻወቶ ተራ ኣብ ታሪኽ ኢትዮጵያ ተዘኪሪ ንገሰ ከም ዝበሮ እዚ ንድፌ’ዚ ይትንትን፡፡ ብኣንጻሩ፡ ዝኾነ ዓወት’ዚ ደርግ ክቕጽሎ ኣይከኣለን፡፡ ብሰንኩ ድማ ኢትዮጵያ ባሕሪ ስኢና፡፡ ዓሰብ ምስ ኢትዮጵያ እትተርፈሉ ብዙሕ ዕድላት ነይሩ’ዩ ብሰንኪ ኢህወደግ ግና እዚ ታሪኻዊ ዕድል ርእያ ስኢናቶ ምጽናሓ ይትንትን ሰነድ ስትራተጂ ክልተ-ማያት፡፡ ኢህወደግ ኣብ 1994 ዘተኣታተዎ ንኣገልግሎት ወደብ ክፍሎ መሳለጢ ንጉዲ ኣርሒቑ ዘይጥምት ዞባዊ ስትራተጂ፡ ንኢትዮጵያ ብዙሕ ዋጋ የኽፍላ ምህላዉ ድማ ይምጉት፡፡

ኣብ መጨረሽታ ድማ ኢትዮጵያ ኣብ ተጠቃምነት ማያዊ ጸጋ ፈለግ ኒል ሳዕለዋይ ኢድ ንምሓዝን ጥሟም ባሕሪ ንምውናንን ዘኽእል ካርታ-መገዲን ስትራተጂን ብምቕማጥ ትሕዝቶታቱ ይዛዝም ሰነድ ስትራተጂ ክልተ-ማያት፡፡

**ይቕጽል**

# ደቂ ኣንስትዮ

ሃማደኤ

4ይ ክፋል

## “ካብ ኣለም በቃኝ ከፍትሖም፡ ነቲ ሓላፊ ‘ሕራይ’ ኣቢለዮ ነይረ” ጓል ሻምበል

**እሞ ብዘይ ቪዛ ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ጅዳ ድሕሪ ምእታውኪ ዕጫኺ እንታይ ኮነ?**

ኣብቲ ኤርፖርት፡ ኣብ ናይ ትራንዚት ሳሎን ኣእትዮም ንኣርባዕተ መዓልቲ ኣሰርዎ፡፡ ከምዚ ናተይ ጸገም ዘጋጠሞ ጓል ጊላዝጊ ዝተባህለት ኤርትራዊት (ብዓልቲ ጸዕዳ ክርስትያን) እውን ነይራ ኣብኡ ምሳይ፡፡ ብጅዳ ኣቢላ ንግብጺ ክትከይድ ምስ ፈተነት እያ ኣብኡ ኣብ ትራንዚት ሐዞማ፡፡ ግን ዕድላ ጸቢቑ ኢጋጥሚ ናይ ግብጺ ነፋሪት ሽዑ መዓልቲ ስለ ዘመጸኦት፡ ኣወጺኦም ናብታ ነፋሪት ኣሰቂሎማ፡፡ ኣነ'ውን ትኬተይ ‘ኣስመራ-ጅዱ-ኣቡዳቢ’ ይብል ስለ ዝነበረ (እቲ ናይ ኣቡዳቢ ጉዕዞኣ ኣይተኸፍሎን - ንምትላል ኢለ ዝገበርክዎ እዩ)፡ ቡታ ኣብ ሰሙን ሓንሳብ ትመጽእ ዝነበረት ናይ ኢማራት ነፋሪት ኣብሎም ናብ ኣቡዳቢ ከየፋንወኒ'ሞ፡ ኣብኡ ዝቕበለኒ ሰብ ስኢነ ከይጥረዝ ምሕር ሰጋእኩን ተጨነቕኩን፡፡ ብምሕር ሕርቃንን ጓህን ዝኣክል ሽውሃተይ ተረጊጡ መግቢ ምልካፍ ስኢነ፡፡ በዚ ከኣ ተሰኪፉ ስለ ዝቐረጸኒ፡ ኣብ ስዑድያ ንዝነበረት ጓል ሓወቦይ ኢልሳ ባርያጋብር፡ ጉድ ጌርኒ እናበልኩ ክሳብ ዝራገም ተብሶጬዩ፡፡ ምኽንያቱ ኣቐዲማ፡ “ዝነበርኪ ጌርኪ ብነፋሪት ናብ ጅዳ እንተ መጺእኪ፡ ኣብ ኤርፖርት ምስ ሓዘኺ ኣነ ፓስፖርተይ ኣትሒዘ ብዋሕስ ከውጽኣኪ እየ” ኢላ ተመባጺዓትለይ ስለ ዝነበረት፡፡ ግዲ ሓቂ ምስ ተታሓዘኩ መጺኣ፡ “ቤት ሰብ ርእየ ክትምለስ ስለ ዘኾኑት፡ ኣነ ክዋሓስ እህልኩም ፓስፖርተይ ምሳኹም ሓዙዎ፡” ኢላ ለሚናቶም እያ፡፡ ንሶም ግን ክኣምኑዋ ስለ ዘይከኣሉ፡ ንለመናኣ ኣይተቐበሉዎን፡፡

ሰብ መዚ ዝመስሉ ብዙሓት ሰዑዳውያን በብተራ ናብቲ ዝተኣሰርኩሉ ሳሎን እናተመላለሱ ብቛንቋ ዓረብ ከዛርበኒ'ኳ እንተ ፈተኑ፡ ዓረብ ይኽእል ስለ ዘይነበርኩ ክንረዳዳእ ኣይከኣልናን፡፡ ደሓር ከኣ፡ “ሰዑዳውያን ንኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኤርፖርት ተቐቢሎም ሰራሕተኛ ናይ ገዛኦም ምስ ገበሩወን፡ ኣብ ልዕሌአን ድሳየም ይፍጽሙ፣ ቀቲሎም'ውን ይድርብዩወን እዮም፡” ዝብል ሕማቕ ዕላል ብተደጋጋሚ እሰምዕ ስለ ዝነበርኩ፡ ካብኡ ኣውጺኦም ክወስዱኒ ፈጺመ ኣይደለኹን፡፡ ምስ ተሓለሎም፡ ንሓደ ወከል መንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ኣብ ጅዳ ዝነበረ ስሙ ዘይሓዝክዎ ኤርትራዊ ጸዊዖም፡ “ኣብዚ'ላ ሓንቲ መልክዐኛ ኤርትራዊት'ሞ፡ ንስራሕ ካብዚ ከውጽኣ ስለ ዘደለና፡ በዓኻ ብቛንቋ ኣረዳድኣና፡” ይብሉዎ፡፡ ንሱ ከኣ ሕራይ ኢሉ ሐዚዎም ናባይ ይመጽእ፡፡ ኩሎም ዓንተምኒ ከለው፡ “ለምለም ግርማጽዮን እንዲኺ ሐቀይ ሸምኪ? እሞ ፈለማ ኣብዚ ተኣሰርኪ ቀኒኺ እንክለኺ ከም መንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ መጠን ኩነታትኪ ክንፈልጥን መጊቢ ከምጽኣልክን ዘይምኸኣልና ይቕረታ ይሓተኪ፡፡ ሕጂ ግን እዞም ትርእዮም ዘለኺ ሰዑዳውያን ኣወጺኦና ክንወስደኪ ይብሉኺ ኣለዉ'ሞ ፍቓደኛ ዲኺ?” ይብለኒ፡፡

“ናበይ ክወስዱኒ?” ጽውግ ኢለ እሓቶ፡፡ ንሱየም ከኣ ሕራይ ክብሎ እናተጸበዩ ንኽልቴና እናበራረዩ ዓይኒ ዓይንና ይጥምቱና፡፡

“ሕጂ ለምለም ክልተ ምርጫ ክሃገረኪ እየ፣ ኣየናይ ምርጫ ከም ዝሕሸኪ ግን ባዕልኺ ኢኺ ትውስኒ፡፡ እዚኣቶም ክንወስደኪ ዝብሉኺ ዘለው፡ ወሲዶም ኣብ ገዛኦም መላገጺ ክገብሩኺ ስለ ዝደለዩ እዮም፡፡ ኩሎም በብተራ ምሳኺ ርኽብ ምስ ፈጸሙ፡ ኣብ ጎልጎል ክድርብዩኺ እዮም፡፡”

ግና ዘረባኡ ከይወደአ እንከሎ፡ “ስማዕ ዝሓወይ፡ ኣነ ካብ ኣስመራ ናይ ሰራሕ ዓመታዊ ዕረፍቲ ወሲደ እየ ናብዚ መጺአ ዘለኹ፡፡ ሕጂ በዚኣ ኣቢለ እንተ ተመለሰ ‘እዚኣ እምንቲ ኤርትራዊት እያ’ ኢሎም እዮም ሓለፍቲ ስራሕና ብዓጀባ ክቕበሉኒ፡፡ ስለዚ፡ ትኽእል እንተ ኮይንካ ናብ ዓደይ ክምለስ ጥራሕ ተሓበረኒ - ይትረፈኒ ወርቅን ጨርቅን ናይ ጅዱ” እብሎ፡፡ ንሱ ከኣ ገጹ ናብኦቶም ኣቕኒዑ ኣብሉ፡ “በዓኺ ሕራይ በልዮም እናበልኩ ክልምነልኩም ጸኒሐ፣ ንሳ ግን ፍጹም ኢላ ኣቕቢጸትኒ” ኢሉ ይነግሮም፡፡ ንሶየም ከኣ፡ “በል ካብ ኣብዮትሲ ደሓን ግደፉ ኣብኣ ትበስብስ!” ኢሎም ራሕሪሖምኒ ከዱ፡፡

**መን ደኣ'ሞ ደሓር ኣውጽኣኪ?**

ብዘይ ማይን መግብን ኣብኡ ኣርባዕተ መዓልታት ምስ ገበርኩ፡ ኣብ ጅዱ ኣብ ሓደ እንዳ ንግሳዊ ቤተ ሰብ ተቐጺራ ትሰርሕ ዝነበረት ኢትዮጵያ ጺጋይ ዝተባህለት ኤርትራዊት (ሕጂ'ውን ኣብዚ ናብ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ዘወስድ መንገዲ ትካል ሰነ ጸባቐ ጸጉሪ ርእሲ ኣለዋ)፡ ኑዩም ትሰርሓሎም ስድራ ነገራን ብመንገዶም ፓስፖርተይ ኢንትሪ ቪዛ ኣውቂዖን ንሓደ እንትርፎ ቛንቋ ዓረብ ካልእ ቛንቋ ዘይክእል መኪና ዝሓዘ ሰዑዳዊ ልኢኻ ብምውጻእ ካብቲ መዓርፎ ነፈርቲ ናብቲ ከተማ ኣእትያትኒ፡፡ እቲ ፓስፖርተይ ሒዙ ዝመጸ ሰዑዳዊ ከውጽኣኒ እንክሎ፡ ናብ ገዛኡ ወሲዱ ኣብ ልዕለይ ዘይደልዮ ተግባራት ከይፍጽም ሰጊኣት ነይሩኒ፡፡ ብፍላይ ካብቲ መዓርፎ ነፈርቲ ወጺእና ብዘፊጽታ ሙቐት እናተገጨብና በቲ ዘይውዳእ ዝመስል ጎልጎል ኣብልና ናብቲ ከተማ ክንሕምብብ ምስ ጀመርና፡ “እዋይ ኣነ ተካሊት! ንምንታይ ሕራይ በልኩዎ!” እናበልኩ ብጣዕሳ ጣዕ ክብል'የ ደልየ ነይረ፡፡ ከም ጸማማት ብምልክት ጥራሕ እናተረዳዳእና፡ ከባቢ 60 ኪሎ ሜተር ዝኸውን መንገዲ ተጓዒዝና ኣብ ሓደ እንዳ ንጉሳዊ ቤተ ሰብ ምስ ኣተና፡ ናብ ዝተሓጸረ ሓደ ዶብየ ዓራት ዘለዎ ክፍሊ (ከምዚ መቐበሊ ኣጋይሽ ዝመስል) መሪሑ ይወስደኒ'ሞ፡ ኣእምሮይ ብኸፊእ ሓሳባት ጥራሕ መሊኣዮ ስለ ዝጸናሕኩ፡ “እውይ! እዚ ደኣ ከምታ ዝፈራህኩዎ ትኽ ኣቢሉ ናብ መደቀሲኡ እንድዩ ኣምጺኡኒ፣ ኣሮማይ ኣብዚ ክጸውተለይ እዩ” ኢለ ብፍርሒ ማይ ይኸውነኒ፡፡ ዋላ ዝበኣሰ በጦዓይነቱ መግብን ዝስተ ጸማቒትን ቀሪቡ ከረግጋእኒ እንተ ፈተኑ፡ ኣነ ግን ብዝበርቶዕ ፍርሀን ሻቅሎትን መመሊሰ ደኣ ተረበሽኩ፡፡

ደሓር ግን፡ ሓደ ቛንቛ እንግሊዝ ብጽቡቕ ዝኽእል ናይ ሰዑዲ ዜግነት ዘለዎ ሱዳናዊ የምጽኡለይ'ሞ፡ “ቛንቋ እንግሊዝ ትኽእሊ ዶ?” ኢሉ ይሓተኒ፡፡ ከም ዝኽእል ምስ ሓበርክዎ፡ እንደገና፡ “እሞ ንቡልቡል ዝተባህለት ሓብሽ ትፈልጥያ ዶ?” ይብለኒ፡፡ ሽዑ ዝተሰምዓኒ ሓጎስ ሕጂ ብቓላት ከም ዝገልጾ ኣይፈልጥን፡፡ ንኢትዮጵያ ጺጋይ እዩ ቡልቡል ዝብላ ዘለዉ፡፡ ኣቐዲማ ኣብ ኣስመራ ክትረኽበኒ እንከላ፡ “እቶም ዘሰርሑኒ ስድራ ‘ቡልቡል’ ኢሎም እዮም ዝጽውዑኒ” ኢላትኒ ነይራ'ያ፡፡ “ኢሄናይ ደኣ ዘይፈልጣ፡ ኣይ ሓብተይ እንድያ!” ምስ በልኩዎ፡ ዝ ባልጃይ ኣብ መኪና ጸዒኑ ሐዚኒ ናብኣ ይብጽሐኒ፡፡ “ኤርትራውያን መቸም ክትምልከዩ መዓት ኢኺን፡ ንስኺ ከኣ ከም ኢትዮጵያ ጽብቕቲ ኢኺ፡” እናበለ ከዕልለኒ፡ እቲ ነዊሕ መንገዲ ከይተረደኣና ከም ማይ ሰቲናዮ፡ ኣብቲ ኢትዮጵያ ትሰርሓሉ ቦታ በጺሕና፡፡ ካምፓኒላ ጠዊቕና ጭር ምስ ኣበልና እታ ዋና መጺኣ ማዕጾ ትኸፍተልና'ሞ፡ ንኢትዮጵያ ብዓዕዶ ኣብ ወሽጢ ገዛ ደርኢያ፡፡ ሽዑ ሓጎሰይ ምቍጽጻር ስለ ዝሰኣንኩ፡ ልክዕ ከምታ ኣቦይ ወልደኣብ ወልደማርያም ናጽነት ምስ ኮነ ካብ ስደት ናብ ኣስመራ ክኣትው እንክለው፡ ካብ ነፋሪት ወሪዶም ፍግም ኢሎም ሓመድ ዓዶም ዝሰዓሙ፡ ኣነ ከኣ “እግዚኣብሔር ኣቦደሲ ብሓቂ ምስ ኢትዮጵያ ኣራኺብካኒ!?” እናበልኩ ፍግም ኢለ ሓመድ ስዑድያ ሰዓምኩ፡፡ ምስ ተንሳእኩ፡ ክልቴና ክሳብ ንኡዕ ተሓናኒቕና ተሰዓዒምና፡፡ ብድሕሪኡ ባዕላ ሰራሕ ኣእትያትኒ፡ ምስ ተጋዳሊት ፎዚያ ሓሸም ከኣ ኣራኺባትኒ፡፡

**ናብ ስዑድያ መኸደኺ ቀንዲ ምኽንያቱ፡ ብቤት ጽሕፈት ህዝባዊ ግንባር ኣቢልኪ ደሃይ ደቅኽን ብዓል ቤትክን ንምጥያቕ እዩ ነይሩ'ሞ፡ እዚ ሰሊጡኪ ዶ?**

ኢትዮጵያ ምሳሕ ዓዲማ ምስ ፎዚያ ሓሸም ምስ ኣራኸበትኒ፡ ንፎዚያ እናንብዕኩ ኩሉ ጸገመይ ብዝርዝር ገለጽኩ፡ “ፎዚያ ሓብተይ፡ ኣነ ናብዚ ዓዲ ንወርቅን ጨርቅን ኢለ ኣይኮንኩን መጺአ፣ ኣብ ኣስመራ ዝኣክል ወርቂ መኪና፡ ገዛ፡ ስራሕ፡ ኩሉ ነይሩኒ፡፡ ኣነ በዚ ቤት ጽሕፈትኩም ኣቢለ ደሃይ ደቀይን ሰብኣየይን ክሓትት፡ ዝከኣል እንተ ኾይኑ'ውን ብፖርትሱዳን ኣቢለ ናብ ሜዳ ኣትየ ብኣካል ክረኽቦም ኢለ'የ መጺአ” ምስ በልኩዋ፡ ምስኣ ከኣ ኣብ ኣስመራ ኣባል ሓፋሽ ውድባት ምንባረይ ብዓል ኢትዮጵያ ምስ ሓበራ፡ ናይ ብሓቂ ደንገጸትለይ፡፡ “በሊ ሕጂ ዓዲ ጥልያን በጺሐ ክመጽእ እንድየ፡ ካብኡ ናብ ሜዳ ተመሊሰ ኩነታት ስድራኺ ሓቲተ ደሃይ ሒዘልኪ ክመጽእ እየ” ትብለኒ፡፡ ከምታ ቃል ዝኣተወትለይ ከኣ፡ መጎሻ ወዲኣ ናብ ሜዳ ምስ ተመልሰት፡ ንኣማኑኤል ወደይ ከይተሰውአ እንከሎ ሓቲታ ረኺባቶ፣ ምስኡ'ውን ተሳኢላ፡፡ ኑዩም ካልኦት'ውን ኣብቲ ዝነበሩዎ ቦታታት ከይዳ ረኺባቶምን ምስኦቶም ተሳኢላን፡፡ ናብ ስዑዲ ክትምለስ እንከላ ከኣ ደብዳበታቶምን ምስኦም ዝተሳእለቶ ኣሳእልን ተማሊኣትለይ፡፡ “ንኹሎም ረኺበዮም፡ ኣዘዮም ጽቡቕ ኣለዉ፡” ኢላ ድማ ኣቐሲናትኒ፡፡

ምስኡ ግን ሓደ መርድእ ሒዛትለይ መጺኣ፡ “ብዓል ቤትኪ ኣብ ሜዳ ምስ ሓንቲ ብጻይቲ ዝምድና ገይሩ ስለ ዘሎ፡ ኣይትጸበይዮ ምስ ካልእኪ ሓዳር ግበሪ” ትብለኒ፡፡ “እውይ! እንታይ ማለት'ዩ ዝምድና ገይሩ?” እንተ በልኩዋ ሰንቢድ ኢለ፡ “ተመርዕዩ” ኢላ ትደግመለይ፡፡ ገረመኒ፣ “ኣብ ሜዳ ኸ መርዓ ዶ ኣሎ'ዩ ጓለይ? እሞ ኣርባዕተ ቈልዑ ዝወለደ ብዓል ሓዳር እንክለሎ ዳግማይ ሓዳር ገይሩ? በሊ ደሓን እንቋዕ ተሰዊኡ ኣይበልክኒ'ምበር፡ ዕድለይ ሕማቕ እዩ፣ ሒማይ ኣብ ንእሰ ዕድመኡ ብሞት ተፈልዩኒ'ስ እዚ ከኣ ከምዚ ገይሩ ክጠልመኒ …” ኢለ ብዙሕ ገሂየ፡፡

**እሞ ብዓል ቤትኪ ምስ ካልእ ምስ ተዛመደ፡ ንሽኺ ኸ ምስ ካልእ ሓዳር ዶ መስሪትኪ?**



እወ፡ ነዊሕ ከይጸናሕኩ፡ ሽዑ ኣብ ስዑድያ ምስ ዝቕመጥ ዝነበረ፡ ኣብ ኣስመራ መተዓብይተይን ብዙሕ ግዜ ንሓዳር ዝለምነኒ ምስ ዝነበረ ግርማይ ሃይለ ዝተባህለ ብሩኽ ሰብኣይ ሓዳር መስሪተ፡፡ ናይ ጥዕና ጸገም (ዳውን ሲንድሮም) ዘለዎ ሓደ ቈልዓ'ውን ወሊድና፡፡ ሕጂ ወዲ 39 ዓመት ኮይኑ ኣጆኺ ማማ እናበለ ተሰኪ ይህበኒ ኣሎ፡፡ ግርማይ ሕራይ ክብሎ እንክለኹ ናጽነተይ ከይግህሰለይ ኣቐዲመ ቃል ኣእቲየዮ እየ፡፡ “ስማዕ ግርማይ ሓወይ፡ ኣነ ደቀይ ምስ ኣቦኦም ኣብ ሜዳ ስለ ዘለዉ፡ ግዜ እንተ ፈቒዱለይ ክርእየም ክኸይድ እየ፡፡ ጽባሕ ንግሆ ‘ናብ ኣቦ ደቅኺ ኣይትኸደን ኢኺ’ ኢልካ ነገር ትግብረለይ እንተ ኾንካ፡ ኣነ ከይወጻልኩ ከይሓደርኩ ጠንጢነካ ክኸይድ ምኻነይ ክትፈልጥ ኣሎካ” ኢለ ምስ ነገርኩዎ፡ ኣዝዩ ሕያዋይ ስለ ዝኾነ፡ “ኣነስ ንኽትከዲ ይሕግዘኪ ደኣ'ምበር ፍጹም ኣይቃወመክን” ኢሉኒ፡፡ ከምታ ዝበሎ ከኣ፡ ወለዲ ናብ ሳሕል ከይዶም ስድራኦም ክርእዩ ምስ ተፈቕደ፡ ኣብ 1986 ካብ ጅዳ ናብ ሜዳ ክበጽሕ እንክለኹ፡ ዝኣክል ኣስቤዛ ኣዕጢቑ ኣፋንዩኒ፡፡

**እንታይ እዩ ነይሩ እቲ ኣስቤዛ?**

ሽዑ ዝ ጥዕና ዘይብሉ ወደይ ሓራስ እንክለኹ'የ ብሓንስ ዝኣክል ብድድ ኢለ ተበጊሰ፡፡ ኣቐዲማ ፎዚያ፡ “ኣስቤዛ ትማልኢ እንተ ኴንኪ፡ እቲ ኣስቤዛ ንደቅኺ ጥራሕ ዘውሑብ ከይመስለኪ፣ ኣብ ሜዱ እቲ ዝመጽእ ክዳውንቲ ይኹን ካልእ ኣስቤዛታት ንኹሎም ቈልዑ (ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ) ብማዕረ እዩ ዝመቓረሖ” ኢላትኒ ስለ ዝነበረት፡ ኣነ'ውን ብዓቕመይ ከምኡ ክገብር ኣንቂደ፡፡ ነቲ ሓሳብ ንብዓል ቤተይ ምስ ኣካፈልኩዎ ከኣ፡ “ጥራሕ ምስ ደቅኺ ሰሓቕለይ ተሓጎሰለይ …” ኢሉ ዋጋ 20 ሽሕ ርያል ሰዑዲ (ዋጋ ልዕሊ 40 ሽሕ ብር ማለት'ዩ) ኑዩም ቈልዑ ዝኸውን ዝተፈላለየ ኣስቤዛታት ዓዲጉለይ፡፡ ምስ ብዓል ፎዚያ ኮይና ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ጅዳ ናብ ነፋሪት ክንጽዕና ምስ በልና ግን፡ እቶም ሓለፍቲ ናይቲ ኤርፖርት፡ “እዚ ክንደዚ ዝኣክል ንብረት ብኮርን እዩ ዝጻዓንምበር፡ ኣብዚ ናይ ህዝቢ ነፋሪት ክጻዓን ኣይክእልን እዩ” ኢሎም ከልኪሎምና፡፡ ሽዑ ጓህን ሕርቃንን ተሓዋዊሱኒ ኣብ ቅድሚኦም ዝርዝሕ ክብዕ ጀሚረ፡፡

ይቕጽል …

ከድጃ ኢብራሂም



ስዕሊ፡ ምስ ብዓል ቤታ - ግርማይ ሃይለን ወዳን ኣብ ስዑድያ

# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

## ማእከል - ስፖርታዊ ንጥፈታት ኣብያተ ትምህርቲ

ራብዓይ ሰሙኑ ኣቑጺሩ ዘሎ ስፖርታዊ ውድድራት ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ብቐጻሊ ትማሊ'ውን ቀጺሉ ውዒሉ።

ኣብ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ደቂ-ተባዕትዮ፡ ሰማእታት ንደፋዕ ጸዕዳክርስቲያን ብዘመሳሰል ውጽኢት 2ብ0 ክስዕረኦ እንከለዉ፡ ማይተመናይ ንኣስመራ-ሓፈሻዊ 2ብ1፡ እምባዛራ ንርእሲዓዲ 3ብ2 ሰዒረንኦ።

ኣብ ውድድር ኩዕሶ መርበብ ደቂ ኣንስትዮ ድማ፡ እምባዛራ ንቀይሕ ባሕሪ፡ ሰማእታት ንምኒናብ ዘርኣይ፡ ባርካ ንጸዕዳክርስቲያን፡ ልምዓት ንደንደን፡ ተኸለዓንብ ንቶኮር፡ ሓላይ ንደምበሰማእታት፡ ኢሳቕ ተወልደመድህን ንስራርቲ ብዘመሳሰለ ውጽኢት 2ብ0 ክስዕረኦ እንከለዋ፡ ኣስመራ ሓፈሻዊ ኣብ ልዕሊ ርእሲዓዲ ማይተመናይ ኣብ ልዕሊ ሰማእታት ናይ 2ብ1 ዓወት ኣመዝጊበን።

ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ እምባዛራ ንቀይሕ ባሕሪ፡ ሰማእታት ንምኒናብ ዘርኣይ፡ ባርካ ንጸዕዳክርስቲያን፡ ሰማእታት ንማይተመናይ፡ ልምዓት ንደንደን፡ ኢብራሂምሱልጣን ንሓላይ ናይ 2ብ0 ዓወት ዘመዝገባ ክኾና እንከለዋ፡ ርእሲዓዲ ንኣስመራ ሓፈሻዊ፡ ቶኮር ንተኸለ ዓንቡ፡ ኢሳቕ ተወልደ መድህን ንደምበ ሰማእታት ድማ 2ብ1 ረቲዐንኦ።

ኣብ ውድድር ኩዕሶ ሰከብት ደቂ ተባዕትዮ፡ ደምበ ሰማእታት ንኢብራሂምሱልጣን 55ብ16 ክትስዕሮ እንከላ፡ ሰማእታት ድማ ንኢሳቕ ተወልደመድህን ብ 'ፎርፈ' ከም ዝሰዓረታ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ኣብ ዘለኣኸልና ጸብጻብ ሓቢሩ።

## ኣብ ወርሒ ጥሪ ክሰምር ዝኽእል ምስግጋር . . .



• ባርኮላ ናብ ሊቨርፑል

ናይ ኣንቶኛ ሰመኛ ዘደሰለጣ ሊቨርፑል፡ ጠመተኣ ናብ ናይ ፒኤስጂ ተጻዋታይ ብራድልይ ባርኮላ ከም ዝገበረት ተገሊጹ።

ሊቨርፑል፡ ኣብ ወርሒ ጥሪ ንሲመንዮ ንምፍራም ጻዕሪ ክትገብር እኳ እንተጸንሐት፡ ንሱ ናብ ሰቲ ከም ዘቕንዕ ብምፍላጡ፡ ከም መተካእታኡ ኮይኑ ኣብ 'ሊግ 1' ፈረንሳ፡ ኣብ ናይ ክንፊ መስመር ኣደናቒ ብቕዓት ዘንጸባርቕ ዘሎ ባርኮላ ንምውናን ኣብሊታ ናብ ፈረንሳ ልኢኻ ትርከብ።

ባርኮላ፡ ንፒኤስጂ ውዒሉ ተጻዋታይ እኳ እንተኾነ፡ ኤንሪክ ግን ምስ ቀዳሞት ተሰለፍቲ ናብ ሜዳ ከውርዶ ኣይረኣን። በዚ ኸኣ ሊቨርፑል ነዚ ተጻዋታይ ንምውናን 70 ሚልዮን ዩሮ ውድድር ካብ ካልኦት ጋንታታትን ዝጸበያ እንተኾነ ኣብ ወርሒ ጥሪ ንምፍራሙ ኣንቂዳ ትርከብ። ኣብ ጥሪ ምስ ዘይሰልጣ ግን ኣብ ክረምቲ ክትውንኖ ቀሪጻ ተበጊሳ ትርከብ።

• ጉሂን ናብ ባርሴሎና

ምስ ክሪስታል ፓላስ ዘሎዎ ውዕል ኣብ መፈጸምታ በጺሑ ዝርከብ ማርክ ጉሂን፡ ኣብ ልዕሊኡ ዝግበር ዕዳጋ ብምዃኑ፡ ኣብ ልዕሊ እዚ ተጻዋታይ ንኣዋርሕ ተጉዳስት ኣርእያ ዝጸንሐት ባርሴሎና ብፍጥነት ከም ዝተጸንበረቶ ይግለጽ ኣሎ።

ኣብ መጀመርታ ናይዚ ወቕቲ ስፖርት ምስ ወከል ናይዚ ተጻዋታይ ተራኺባ ዝነበረት ባርሴሎና፡ ብናይ ደሞዝ ክፍሊትን ፋይናንሳዊ ትጽቢት እዚ ተጻዋታይን ከይተሰማምዑ'ያ ጸኒሓ።

ሕጂ ግን ብዘይ እዚ ሃምበል ኑቦስ ክትሰእል ጀሚራ ዘላ ክሪስታል ፓላስ፡ ነዚ ተጻዋታይ 40 ሚልዮን ዩሮ መፋዝዊ ሰሊዓትሉ ትርከብ። ዝመጽእ ዓመት ብናጻ ምስግጋር ከይተፋንዎ ብምባል ከኣ ኣብ ወርሒ ጥሪ ምስ ዝመረጸ ጋንታ ክዘራረብ ናጻ ገዲራቶ ትርከብ።

### መደብ ጸወታ

### ሎሚ

**ዋንጫ ኣፍሪቃ**

በኒን-ቦትስዋና 3:30 ድ.ቀ

ሴኔጋል-ዴ.ረ. ኮንጎ 6:00 ድ.ቀ

ኡጋንዳ-ታንዛንያ 8:30 ድ.ቀ

ናይጀርያ-ቱኒዚያ 11:00 ድ.ቀ

**ፕሪመር ሊግ**

ኖቲንግሃም ፎረስት-ማንሲቲ 3:30 ድ.ቀ

ኣርሰናል-ብራይተን 6:00 ድ.ቀ

ብረንትፎርድ-ቦርንማውዝ 6:00 ድ.ቀ

በርንለይ-ኤቨርተን 6:00 ድ.ቀ

ሊቨርፑል-ዎልቨርሃምተን 6:00 ድ.ቀ

ዌስትሃም-ፉልሃም 6:00 ድ.ቀ

ቸልሲ-ኣስቶን ቪላ 8:30 ድ.ቀ

## ቅልስ ኣብ መሰልል ፕሪመር ሊግ



• ኣርሰናል፡ ታሪኽ ከይድገም ትትሰፎ

ኣርሰናል፡ ምስ ሲቲ ክሳድ ንክሳድ ተሓናኒቓትሉ ኣብ ዘላ ግዜ፡ ሎሚ መሪሕነታ ንምቕጻልን ንምድልዳልን ንብራይተን ዓዲማ ክትፋለም እያ። ሚከኤል ኣርቴታ ድማ፡ ዓሚ ኮይኑ ዴክላን ራይስ ብቀይሕ ካርድ ዝተባረረሉ ግጥም ብምዝካር፡ ታሪኽ ከይድገም ተተሰፍዩ ይርከብ።

ዝሓለፈ ዓመት ምስ ብራይተን ኣብ ዞካይድዎ ዝነበሩ ጸወታ፡ 1ብ0 መሪሖምሉ ኣብ ዝነበሩ ግዜ፡ ራይስ ብኽልተ ብጫ ካብ ሜዳ ብምብራሩ፡ 1ብ1 ብምውጻእ ክልተ ነጥቢ ክኸስሩ ተገዲዶም። ሎሚ ከምዚ ምስ ዝኽሰት ግን ንዋንጫ ኣብ ዝጉበርዎ ዘለዉ ቅልስ ዋጋ ከኽፍሎም'ዩ።

ብምምላስ ሃቨርተስ ሞራሉ መሊሱ ዘሎ ኣርቴታ ኸኣ፡ እዚ ናይ ዝሓለፈ ሕማቕ ዝኽሪ ከይሃድና እናተመኽረ፡ ንዓቢ ዋጋ ይጻወቱ ብምህላዎም፡ ኣንጻር ብራይተን ዞካይድዎ ጸወታ፡ ብ11 ተጻወትቲ ጀሚርዎም ክዛዝምዎ ዘለዎም ተስፋ ይገልጽ ኣሎ።

• ራብዓይቲ ኣንጻር ሳልሰይቲ

ቸልሲ፡ ጉዕዞ 10 ዓወታት ቪላ ኣብ ኩሉ ግጥማት ንምቕልባስ ንናይ ኡናይ ኤምሪ ጋንታ፡ ኣብ 'ስታምፎርድ ብሪጅ' ብምዕዳም ክትገጥማ እያ። እዚ ግጥም ራብዓይቲ ዘላ ቸልሲ ምስታ ሳልሰይቲ ዘላ ኣስቶን ቪላ ዘካይድኦ ብምዃኑ፡ ብኣግኡ ኣቓልቦ ስሒቡ ይርከብ።

ኢንዞ ማሬስካ፡ ኣብዛ ግጥም ተዓዊቱ እንተወጺኡ፡ ኣብ ቅልስ ንዋንጫ ምስ ላዕለዎት ኣርባዕተ ዘጽንሖ ብምዃኑ ተስፋ ዝፈጥረሉ'ዩ። እንተ ተሳዒሩ ግን ምስ ቀዳሞት ኣርባዕተ ንምዝዛም ኣብ ዝጉበሮ ጻዕሪ ከቢድ ዓቕብ ክኾኖ'ዩ።

ቸልሲ፡ ኣብ መውዳእታ ወርሒ ሕዳር ብዓሰርተ ተጻወትቲ ምስ ኣርሰናል ማዕረ ክትወጽእ ብምኽኣላ፡ ብ24 ነጥቢ ምስ ቪላ ተመዓራርያ፡ ካብ ሰቲ ብሓንቲ ነጥቢ፡ ካብ ኣርሰናል ብሸዱሽተ ነጥቢ ድሒራ ሳልሳይ ደረጃ ክትሕዝ ክኢላ ነይራ። ብድሕሪኡ ግን ካብ ክትእክቦ ዝነበራ 12 ነጥቢ፡ ሓሙሽተ ጥራይ ብምእካባ፡ ካብ ቪላ ብሸውዓተ፡ ካብ ሰቲ ብሸሞንተ፡ ካብ ኣርሰናል ብ10 ነጥቢ ድሒራ ሎሚ ኣንጻር ቪላ ክትገጥምያ።

እንተ ናይ ኡናይ ኤምሪ ቪላ፡ ካብ ሓሙሽተ መኽፈቲ ጸወታ እዚ ወቕቲ ኣብ ክልተ ተረቲዓ፡ ኣብ ሰለስተ ማዕረ ተፈላልያ፡ ኣብ ኣርባዕተ ግጥማት ሸቶ ምቑጻር ተሸጊራ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ካብ 12 ግጥማት ኣብ 11 ብምዕዋት 36 ነጥቢ ኣኪባ ሳልሳይ ደረጃ ሒዛ ትርከብ። ሎሚ ቀዳም ከኣ እዘን እግሪ እግሪ ዝጉዓዛ ዘለዋ ጋንታታት ደረጃአን ንምውሓስ ክፋለማ እየን። መርበብ ሓበሬታ 'ስፖርትሞል'፣ እዚ ግጥም 2ብ2 ክዛዘም ግምታ ሂባ ትርከብ።

• ኖቲንግሃም፡ ጽምኢ 30 ዓመት ተርውይዶ ትኸውን?

ኖቲንግሃም ፎረስት፡ ኣብ ፕሪመር ሊግ ኣብ ልዕሊ ማንሲቲ ተኸታታሊ ዓወት ከየመዝገበት 30 ዓመት ሓሊፉ ይርከብ። ማንሲቲ፡ ብዑብላልነት ዓወት ኣብ ልዕሊ ኖቲንግሃም ኣብ ትቐጽለሉ ዘላ፡ ካብ ዳሕረዎት ሸውዓተ ርክብ ናይዘን ክለባት እቲ ሓሙሽተ ብዓወት ሲቲ'ዩ ተዛዚሙ። ኣብ ወርሒ መጋቢት ግን፡ ኖቲንግሃም 1ብ0 ረቲዓ ነይራ። እምበኣር ሲን ድይቸን ተጻወትቱን ነዚ ናይ 30 ዓመት ታሪኽ ንምቕያር፡ ሎሚ ንሲቲ ዓዲሞም ክጻወቱ እዮም።

እንተኾነ፡ ኣንጻር'ታ ብዘይንሕሲያ ትግስግስ ዘላ፡ ኣብ ዞካየደቶ ዳሕረዎት ሓሙሽተ ግጥም ዝተዓወተትን ሰለስተ ተኸታታሊ ግጥማት 3ብ0 ብዘኸሎ ውጽኢት ዝረትዐትን ሲቲ ብምዃኑ በዓሊ ይጉብሮ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ ርእሱ ሲቲ ኣብ መንጎ በዓል ልደትን ሓድሽ ዓመትን ኣብ ዘሎ ግዜ፡ ኣብ ዞካየደቶ 10 ጸወታ ተረቲዓ ዘይትፈልጥ ብምዃና፡ ኣብ ታሪኽ ፕሪመር ሊግ፡ ዝኾነት ክለብ ብተኸታታሊ ሰለስተ ሸቶታትን ልዕሊኡን ብምምዝጋብ ንኣርባዕተ ግጥማት ዝተዓወተት ጋንታ ብዘይምህላዋ፡ ሲቲ ሓድሽ ታሪኽ ክተጽሕፍ ብምሕላን ኣብ ልዕሊ ኖቲንግሃም ጸቕጢ ክትፈጥር ትጽቢት ዝግበረላ'ዩ።

ኣሰልጣኒ ኖቲንግሃም ፎረስት ሲን ድይች፡ ኣብ ልዕሊ ጓርድዮላ ቦኽሪ ዓወት ንምምዝጋብ ሎሚ ኣንጻሩ ክገጥም'ዩ። ዳይች፡ ኣንጻር ጓርድዮላ ኣብ ዞካየዶ 16 ግጥማት ኣብ 14 ጸወታ ተሳዒሩ ይርከብ። ግምት ዝሀቡ መርበባት ናዚ ጸወታ፡ ሲቲ 3ብ1 ክትዕወተሉ'ያ ይብሉ።

## ካብ ገጻት ማሕበራዊ መራኸቢታት

### ሃላንድ፡ ሚዛኑ ብምሕባር ንጸወታ ድሉው ከም ዘሎ ይገልጽ

ቅድሚ ሓሙሽተ መዓልቲ ኣሰልጣኒ ማንቸስተር ሲቲ ፐፕ ጓርድዮላ፡ ተጻወትቱ ናብቲ ሎሚ ኣንጻር ኖቲንግሃም ፎረስት ዞካይድዎ ግጥም ድሉዋት ከም ዝኾኑ ንምርግጋጽ፡ ክብደት ሰብኡቶም ክልክዕ ምዃኑ ሓቢርዎም ነይሩ።

ጓርድዮላ፡ ኣብቲ ንዌስትሃም 3ብ0 ዝረትዑሉ ቅድሚ በዓል ልደት ዝነበረ ጸወታ፡ ተጻወትቱ እቲ ዝደለ ሚዛን ሰብነት ከም ዘማልኡ ብምሕባር፡ ድሕሪ ጽንበል በዓል ልደት ናብ ልምምድ ክምለሱ ከለዉ ሚዛን ሰብኦቶም ከም ዝልክዕ ገሊጹ። ንሱ፡ "ድሕሪ ናይ ሰለስተ መዓልቲ ዕረፍቲ ከመይ ኢሎም ይምለሱ ክፈልጥ ይደሊ'የ፡ ክምገቡ ይኽእሉ'ዮም ግን ክቆጻጸርዎም'የ" ኢሉ ነይሩ። "ሕሱብዎ ሓደ ተጻዋታይ ሕጂ ጸቢቑ ጺሒሑ ክምለስ እንተሎ ሰለስተ ኪሎ ወሲኹ ክመጽእ? ኣብ ማንቸስተር ክጸንሕ'ዩ ፈጺሙ ግን ናብ ኖቲንግሃም ኣይክጉዓዝን'ዩ" ክብል'ውን ወሲኹ።

እዚ ተሪር መምርሒ ጓርድዮላ ዝተረድአ ኣጥቃዓይ ማንቸስተር ሲቲ ኤርሊንግ ሃላንድ ድማ፡ ኣብ ገጻት ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣብ ሚዛን ተሰቒሉ ክብደት ሰብኡቱ ብምርኣይ፡ ኣንጻር ኖቲንግሃም ኣብ ዞካይድዎ ጸወታ ድሉው ከም ዘሎ ገሊጹ።

ኣብ ኣካላዊ ድልዳለ ተሪር መርገጺ ከም ዘሎዎ ዝነገረሉ ጓርድዮላ፡ ኣብ 2016 ንገለ ተጻወትቲ እቲ ዝደለ ሚዛን ሰብነት ኣየማልእኩምን ብምባል ካብ ልምምድ ቀዳመይቲ ጋንታ ኣልዩዎም ከም ዝነበረ ይዝከር።

ናይ ቅድም ተኸላኻላይ ሲቲ ዝነበረ ጋኤል ግሊቺይ፡ ጓርድዮላ ፒዛ፡ ገለ ካብ ዓይነታት ጸማቓ፡ 'ከቢድ ምግቢ' ከይሰትዩን ከይበልዑን ኣዚዙዎም ከም ዝነበረ ይሕብር። ድሕሪ ጽንበል በዓል ልደት፡ ብሰንኪ ምውሳኽ ሚዛን ዝጠፍኡ ተጻወትቲ ብዓል መን ምዃኖም ሎሚ ሰዓት 3:30 ድ.ቀ ክንርእዮም ኢና።





# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ኣመሪካ ኣብ ናይጀርያ መጥቃዕቲ ኣካይዳ



ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ናይጀርያ ዝንቀሳቐስ ሸበራዊ ዕጡቕ ጉጅለ ዳዒሽ (IS) መጥቃዕቲ ከም ዘካየደት ኣፍሊጡ።

ፕረዚደንት ትራምፕ፡ እቲ ዕጡቕ ጉጅለ ንንጹሃት ሰባት ብፍላይ ከኣ ንሰዓብቲ እምነት ክርስትና ዝኾኑ ናይጀርያውያን ዒላማ ይገብር ከም ዘሎ እዩ ዝኸሰሰ ዘሎ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ናይጀርያ የሱፍ ማይታማ ቱጋር ብወገኑ ንበበሲ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ዕጡቕ ጉጅለ ዝተኻየደ መጥቃዕቲ፡ ምስ ሃይማኖት ምትእስሳር ዘይብሉ ሓባራዊ ስርሒት ምንባሩ ኣረዲኡ።

ንሱ ወሲኹ፡ እቲ መጥቃዕቲ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ ከም ዝተሓሰበሉ ድሕሪ ምጥቃሱ ሃገሩ ብዝሃቦ ጸጽዩይ ስለያዊ ሓበሬታ ዝተመርሐ ምዃኑ ሓቢሩ።

ንዝሓለፈ ልዕሊ ዓሰርተ ዓመታት፡ ዝተፈላለዩ ዕጡቃት ጉጅለታት ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ናይጀርያ ብርክት ዝበሉ መጥቃዕትታት ብምኽያድ፡ ኣሽሓት ሰባት ከም ዝቐተሉ እዮም ጸብጻባት ዘመልክቱ።

## ጃፓን ዝለዓለ ባጀት ምክልኻል ትሰልዕ

ካቢነ ሚኒስተራት ጃፓን፡ ንዝቐጽል ዓመት ዝውዕል ናይ 58 ቢልዮን ዶላር እማመ ባጀት ምክልኻል ከም ዘጽደቐ ተሓቢሩ።

እዚ ጸዲቑ ዘሎ እማመ፡ ኣብ ዝመጽእ መጋቢት ብባይቶ ተቐባልነት ምስ ረኸበ ተግባራዊ ክኸውን ምዃኑ ድማ ተገሊጹ ኣሎ።

እቲ ኣብ ታሪኽ ናይ'ታ ሃገር፡ ክብረ ወሰን ዝሓዘ ሓዲሽ ባጀት ምክልኻል፡ ኣካል ናይቲ ካብ ሚያዝያ 2026 ዝጅምር፡ 784 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ዓመታዊ ሃገራዊ ባጀት ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ።



እቲ 2 ሚእታዊት ካብ ሃገራዊ ጃምላዊ እቶት ክሽፍን ምዃኑ ዝሕበር ዘሎ ባጀት ምክልኻል፡ እታ ሃገር ምስ ቻይና ዘለዋ ዲፕሎማስያዊ ዘይምቅዳው እናዓበየ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን እዩ ዝጸደቐ ዘሎ።

ዝሓለፈ ሕዳር፡ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ጃፓን ሳና ታካይቺ፡ ቻይና ኣብ ልዕሊ እታ ኣካል ግዝኣታ ዝኾነት ደሴት ታይዋን ዝኾነ ስጉምቲ ምስ እትወስድ፡ ሰራዊት ጣልቃ ክኣቱ ከም ዝኽእል ምጥንቃቓ ይዝከር።

ብመግለጺ ናይ'ታ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ዝተቖጥዐት ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ከኣ፡ ኣብ ልዕሊ እታ ሃገር ቁጠባውን ዲፕሎማስያውን ስጉምትታት ብምውሳድ ምላሽ ከም ዝሃበትሉ ይግለጽ።

ብመሰረት ጃፓን ሓንጺጻቶ ዘላ ናይ ሓሙሽተ ዓመታት ውጥን፡ እታ ሃገር ኣብ ጽላት ምክልኻል ብእትገብሮ ወጻኢታት፡ ንኣመሪካን ቻይናን ተኸቲላ ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ክትስራዕ ትጽበ ከም ዘሎ ይሕበር።

እቲ ሓዲሽ ባጀት፡ ኣብ ምምዕባል ዓቕሚ ናይ ነዊሕ ርሕቀት ሚሳይላትን ሰብ ኣልቦ ነፈርትን ክውዕል ምዃኑ፡ ሰበ ስልጣን ምክልኻል ናይ'ታ ሃገር ገሊጾም።

## ፕረዚደንት ሩስያ ናብ መራሒ ሰሜን ኮርያ መልእኽቲ ሰዲዱ

ፕረዚደንት ፈደረሽን ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን፡ ናይ ሓድሽ ዓመት ናይ እንቋዕ ኣብጽሓና መልእኽቲ ናብ መራሒ ሰሜን ኮርያ ኪም ጆንግ ኡን ከም ዝሰደደ ተሓቢሩ።

ፕረዚደንት ፑቲን ኣብ መልእኽቱ፡ ዝሓለፈት ዓመት ኣብ ምዕማቕ ክልተኣዊ ዝምድና ሞስኮን ፒዮንግያንግን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ስትራተጂካዊ ምሕዝነት ናይ'ተን ሃገራት ልዑል ተራ ከም ዝነበራ ድሕሪ ምግላጹ፡ ኣብዚ ሕብራዊት ዓለም ምሕዝነት ናይ'ተን ሃገራት ኣብ ምቛም ፍትሓዊ ዓለማዊ ስርዓት ኣበርክቶ ክህልዎ ምዃኑ ኣገንዚቡ።

ፕረዚደንት ፑቲን ወሲኹ፡ ሰሜን ኮርያ ኣብ ኩናት ዩክሬን ኣብ ጎድኒ ሃገሩ ደው ኢላ ዘበርከተቶ ሓገዙ ንሓይሊ ምሕዝነት ክልተአን ሃገራት ዘርኢ ምዃኑ'ውን ኣረዲኡ።

ፕረዚደንት ፑቲን ብዘይካዚ፡ ንኣመሪካዊ መዘናኡ ዶናልድ ትራምፕ እውን ናይ ርሑስ በዓል ልደት መልእኽቲ ከም ዝሰደደሉ፡ ኣፈኛ ክሬምሊን ዲሚትሪ ፔስኮፍ ሓቢሩ።



## ኢራን፡ ዘይሕጋዊ ነዳዲ ዝጸዓነት መርከብ ትቕይድ

ትማሊ ዓርቢ፡ ኢራን ኣብ ጥቓ ኣብ ወሽመጥ ዓረብ እትርከብ ደሴት ቀሽም፡ 4 ሚልዮን ሊትሮ ዘይሕጋዊ ነዳዲ ዝጸዓነት መርከብ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ከም ዘእተወት ኣፍሊጣ።

ሱብ መዚ ኢራን፡ ስምን ዋንነትን ናይ'ታ 16 ሰራሕተኛታት ዝነበሩዋ'ሞ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ዝወዓለት መርከብ ኣይሓበሩን ዘለዉ።

እቶም መንነቶም ዘይተገልጹ ዘለዉ ሰራሕተኛታት ናይ'ታ መርከብ፡ ብገበን ተኸሲሶም ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከም ዝርከቡ ድማ፡ እቶም ሰበ መዚ ወሲኾም ገሊጾም።

ዝሓለፈ ሰሙን እውን፡ ኢራን ኣብ ወሽመጥ ዮማን፡ ሽዱሽተ ሚልዮን ሊትሮ ዘይሕጋዊ ነዳዲ ጽዒና ንዝነበረት ካልእ መርከብ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ከም ዘውዓለት፡ ምንጪታት ይሕብሩ።

ኢራን ዜጋታታ ብቑጠባ ከይህሰዩ ገዚፍ ድጎማ ስለ እትገብር፡ ምስኡ ከኣ ባጤራኣ ኣዝዩ ሕሱር ስለ ዝኾነ፡ በዚ ምኽንያት ሓንቲ ካብ'ተን ትሑት ዝዋጋኡ ነዳዲ ዘርኣያለን ሃገራት ዓለም እያ። ስለ ዝኾነ ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ብመሬት ኮነ ብባሕሪ ንዝካየድ ንግዲ ነዳዲ ንምግታእ ኣበርቲዓ ከም እትሰርሕ እየም ተዓዘብቲ ዝገልጹ።



## ኣብ ጃፓን፡ 15 ሰባት ብመጥቃዕቲ ስሕለት ቆሲሎም

ትማሊ ዓርቢ፡ ኣብ ከተማ ሚሽማ - ማእከላይ ክፋል ጃፓን ኣብ ዝርከብ ኣብ ምስራሕ ጎማታት ተሽከርከርቲ ዝሰርሕ ፋብሪካ ብዝተኻየደ መጥቃዕቲ ስሕለት፡ 15 ሰባት ከም ዝቖሰሉ ተሓቢሩ።

ኣብቲ እዋን መጥቃዕቲ፡ ብልክዕ ዘይተነጸረ ፈሳሲ ተነጺጉ ከም ዝነበረ'ውን ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ገሊጾም።

እቲ ስሙ ዘይተገልጸ ነቲ መጥቃዕቲ ዝፈጸመ ወልቀ ሰብ፡ ብፈተነ ቅትለት ተጠርጢሩ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣትዩ ከም ዘሎ ከኣ ተፈሊጡ ኣሎ።

እቶም ጉዳያት ናይ'ቲ መጥቃዕቲ፡ ማእከላይን ከቢድን መቑሰልቲ በጺሑዎም ኣብ ትሕቲ ሕክምናዊ ክትትል ከም ዝርከቡ፡ ማዕከናት ዜና ናይ'ታ ሃገር ገሊጸን።

ጃፓን ሓንቲ ካብ'ተን ጽኑዕ ሕግታት ዋንነት ጠበንጃ ዘለወንን ትሑት መጠን ቅትለት ዘርኣያለንን ሃገራት ዓለም ምዃና ይንገረላ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ደንደን | 27/12/2025 | ጎደና 117-15፡ ቁ.11፡ጥቓ ሼል ዑቕባ ሃይለ | 121140 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565